**መእተዊ፡-**

## ኣሰላልፋ ሓይልታት ዓለምን ወያነናን

**ኣሰላልፋ ሓይልታት ዓለም ንቓልስና ኩሉ ግዜ ብኣሉታ ይኩን ብኣወንታ እንዳፀለወ መፂኡ እዩ። ናይ ቅድሚት ይኹን ናይ ሎሚ ጉዕዞና እውን ካብዚ ሚዛን እዚ ወፃኢ ኣይኮነን ።**

ካብ ምድምሳስ ደርጊ ንድሓር ዘሎ ምንቅስቓስ ወያነና እንተሪኢና እውን ነዚ ፅልዋ እዚ ግልፅ ኣቢሉ ዘርኢ እዩ ። ኣብ 1984 ዓ/ም ማለት እውን ሃገር ምስተቆፃፀርና ዓለምና ካብ ክልተ ደምበ ናብ ሓደ ደምበ ዝተጠቓለለሉ እዋን ስለ ዝነበረ ንምንቅስቓስና ንኣስታት ዓሰርተ ዓመታት ደሪቱ ፀኒሑ እዩ። ድሕሪ ምፍርራስ ሕብረት ሶቬት ኣሜሪካ ከም ድላያ ቢሒታ ናይ ዓለምና ፖሊስ ዝኾነትሉ ኩነታት ተፈጢሩ። እንተደልያ ኣብ ርእሲ ንሃገራዊ ረብሓኣ ይፃረራ እየን እትብለን ሃገራት ኣብ ርእሲኦን ቦምብ ተዝንበሉ፤ ንባንኪ ዓለምን ዓለም ለኸ ናይ ገንዘብ ትካል /IMF/ ሒዛ ድማ ቁጠበኦን ትቖፅየሉ ኩነታት እዩ ተፈጢሩ። ኮታስ ንናይ ኣሜሪካ ወፃኢ ጉዳይ ፖሊሲ ዝፃረር ፖሊሲ ዘለወን ሃገራት ነፃነተን ዝሳኣናሉ ግዜ ነይሩ። ንታ ባዶ ካዝና ሒዝና ኣብ ትሕቲ ፀፍሒ ድኽነት ተቐቢራ ቢልዮናት ዶላራት ዕዳ ተሸኪማ ዝረኸብናያ ሃገር ሒዝና ነዚ በትሪ ምዕራባውያን ክንሸከመሉ እንኽእል እንግድዓ ስለ ዘይነበረና ዝነበረና መማረፂ እቲ ኩነታት ክሳብ ዝቕየር ብትዕግስቲ ምፅባይ እዩ ነይሩ ።

በዚ መሰረት ድማ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመታት ማለት እውን ኣብ 1993 ዓ/ም ብፈረንጂ 2001 ኣብ ዓለምና ሓደ ለውጢ ነይሩ። ንሱ እውን ሓደ ናይ ቻይና ክልተ ሚኢቲ ቢልዮን ዶላር ሒዛ ናብ ትካል ንግዲ ዓለም /WTO/ ምፅምባር እንትኾን ካልኣይ ኣሜሪካ ንላቲቭያን ኦሽንያን ሒዛ ናብ ኔቶ /NATO/ ክትፅምበር እንተላ ቻይናን ሩስያን ድማ ቡዙሓት ካብ ሶቬት ሕብረት ዝተነፀላ ሪፓብሊካት ሒዘን ሻን ሃይ ኮኦፕሬሽን ኦርጋናይዜሽን ዝብል ውድብ መስሪተን እዚ ውድብ ቡዙሓት ሃገራት ኤሽያ ዝሓቖፈ ኾይኑ ልክዕ ከም ኔቶ ወታደራዊን ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ምትሕብባር ዝገብር ውድብ እዩ። እዚ ማለት ዓለምና ካብ ዩኒ ፖላር ናብ ማልታይ ፖላር ኣሰላልፋ ተቐይራ።

ኣብ ሃገርና እውን ነዚ መሰረት ዝገበረ ለውጢ ነይሩ። ንሱ እውን መራሒና ስውእ ተጋዳላይ ብፃይ መለስ ዜናዊ ነዚ ኣብ ዓለምና ዝተፈጠረ ኩነታት ቀልጢፉ ኣንቢቡ ንዓሰርተ ዓመታት እናሰርሐሉ ዝመፀ ናይ ልምዓታዊ መንግስቲ ፖሊሲን እስትራተጅን ናብ ፖለቲካዊ መስርሕና ንምእታው ተሃድሶ ብዝብል ዝተኻየደ ለውጢ እዩ። ቢዚ መሰረት ድማ ኣብ ህወሓት ናይ ኣመራርሓ ክፍፍል ተፈጢሩ ነዚ ሓዱሽ መስመር ዘይተቐበሉ ካብቲ ውድብ ከወፁ ኪኢሎም እዮም። ኣብ ሃገርና ሓዱሽ ለውጢ ብምምፃእ ተራእዩ ዘይፈልጥ ብዕፅፊ ናይ ቁጠባ ዕቤት ከምዝገብ ኪኢሉ እዩ። እዚ ድማ ንኹነታት ኣሰላልፋ ሓይልታት ዓለም ኣንቢብካ ምምራሕ ናየቲ ሽው ዝነበረ ኣመራርሓ ብቕዓት ዘርኢ እዩ። ድሕሪ መስዋእቲ ብፃይ መለስ ዜናዊ ዘጋጠመና ሽግር እውን እዚ ናይ ኣመራርሓ ክፍተት እዩ ነይሩ። ኣብዛ ሐዚ ዘላ ዓለም ዶብካ ዓፂኻ እትንብረላ ኣይኮነትን። ኣብ



Scanned by CamScanner

እዋን ግሎቫላይዜሽን ናይ ቁጠባ ወረራ ፈጺመን ብኸብድኻ ንምሓዝ ኮነ ላእላውነትካ ደፊሮም ባርያ ንምግባር ድፋዕ ምፍራስ ኣየድልዮምን። ተለዋዋጣይን ተዓፃፃፋይን ንዘኾነ ስልትታቶም ንምፍሻል ኮነ ንህልውናኻ ብሚልዮናት ማይልስ ርሕቕት ኣንቢብካ ዓርስኻ ምምዕርራይ ይሓትት። በጊዕ እንተይኮነስ ኣንበሳን ብርኒህነን ዝኾነ ኣመራርሓ ይሓትት።

ሐዚ ዘሎ ናይ ዓለምና ኣሰላልፋ በቲ ሓደ ገፅ ኣሜሪካ እትመርሖ ናይ ምዕራብ ኣውሮፓ ሃገራትን ናይ ኣሜሪካ ተለኣኣኽቲ ዝብሃላ ናይ ማእኸላይ ምብራቕ ሃገራትን (ሱዑድ ዓረብ ሕቡራት ዓረብ ኢምሬትን፣ ባህሬን፣ ግብፅን ሱዳንን) ዝሓዘ ደምበ እንትኾን እቲ ካሊእ ብቻይናን ሩስያን ዝምራሕ ናይ ምብራቕ ደምበ እዩ። እዚ ክልቲኡ ሓይሊ ዝናሓናሕ ብኢኮኖሚን ጅኦ ፖሎቲካል ጥቕምን እዩ። ናይ ኢኮኖሚ ጥቕሚ ናይ ተፈጥሮ ሃፍትን ዕዳጋን ዘይማዕበላ ሃገራት እዩ። ጂኦ ፖለቲካል ፀበብቲ መተሓላለፍቲ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ኤሽያን ኣውሮፓን ዘራኽባ ሃገራት፣ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዘለዋ ናይ ምብራቕ ኣፍሪካ ሃገራትን ምስ እዚኣን ዝዋሰና ሃገራትን ክልላትን፤ ናይ ቻይና ናይ ንግዲ መስመር /Silk road/ ይሓልፈሉ እዩ ዝብልዎ ከባብታት፤ ምስ ሩስያ፤ ቻይናን ኢራንን ይዋሰና እየን ዝብልወን ሃገራት ካፍቶም ናይ ንሕንሕ ማእኸላት ዝኾኑ እዮም። ክልልና ትግራይ እውን ምስ ሱዳንን ኤርትራን ጅቡቲን ትዋሰን ስለ ዝኾነት ጂኦ ፖለቲካሊ ጠቐምቲ ካብ ዝበሃሉ ተርታ ትስለፍ ክልል እያ። ብትፈጥሮ ሃፍቲ እውን ከምኡ።

ኣሜሪካ ንዓለም ኣብ ዝባሓተትሉ እዋን ዘጋጠመ ናይ ኢትዮ ኤርትራ ኲናት ነይሩ። ብዙሓት ሰባት ብኣመራርሓ ደረጃ ዝተቐመጡ እንተይ ቀረዩ ብዛዕባ እቲ ኲናት ምስቲ ሐዚ ዘጋጠመና ኲናት ከተሓሕዙ ይስምዑ እዮም። ኣብቲ እዋን ሻዕብያ ካብቲ ሒዝዎ ዝነበረ መሬትና ተፀራሪጉ ምስ ወፀን ሰራዊትና መሬት ኤርትራ ምስ ረገፀን ኣብ ውድብ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ውሽጢ ዒስራን ኣርባዕተን ስዓት ዝተወሰነ ውሳነ ነይሩ። ንሱ እውን ብኣሜሪካን እንግሊዝን ኣቕራብነት ኣብ ልዕሊ መራሕትና ዝተወሰነ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ከይንቀሳቐሱ ዝእግድ ማዕቐብ ተገይሩ ነይሩ። ሩስያ ድምፂ ብድምፂ ናይ ምስራዝ መሰላ ተጠቒማ ንኽልዓል እንተዘይትገብር ነይራ ቀፂሉ ክስዕብ ዝነበረ ኣሜሪካ እትምርሖ ኔቶ ኣብ ርእሴና ወታደራዊ ስጉምቲ ምውሳድ እዩ ነይሩ። ስለዚ ብብሉፅ መራሒና ብፃይ መለስ ዜናዊ ኣፍቲ እዋን ሰራዊትና ብቕልጡፍ ከንሳሕብ ዝተገብረ ነዚ ኩነታት እዚ ዘገናዘበ ውሳነን ሃገርን ስርዓትን ዘድሐነን ነይሩ።

### ናይ ዓለምና ናይ ሓይሊ ኣሰላልፋን ኣብ ሃገርና ዝመፀ ለውጥን

ቅድሚ ዓሰርተ ሰለስተ ዓመታት ካብ ኣሜሪካ ኮንግረስ ኣባላት ብተዳጋጋሚ ናብ ናይ ኣሜሪካ ፕረዚዳንት ዝቐርቡ ጥርዓናት ነይሮም። እቲ ጥርዓን ቻይና ኣብ ኣፍሪካ ብፍላይ ከዓ ኣብ ትሕቲ ሳሃራ ኣፍሪካ ትቕድመናላ ዝብል ነይሩ። ከም ዝፍለጥ ድሕሪ 1993 ዓ/ም ምዕራባውያን ንቻይና ብቑጠባ ይኹን ብወታደራዊ ሓይሊ ፊት ንፊት ከግጥሙሉ ናብ ዘይኽእሉሉ ብርኪ እዮም በፂሖም። ናይ ቻይና ዝዓበየ ቁጠባን ናይ ሩስያ ወታደራዊ ቴክኖሎጂን ክልቲኡ ስትራተጂካዊ ምሕዝነት ፈጢሩ ኣብዚ እዋን ሓደ ሓይሊ ክሕዞ ዝግባእ ወታደራዊ ሓይልን ናይ ቁጠባ ሉኣላውነትን ወኒኖም ንምዕራባውያን ዘይቐርጠሙ ሓይልታት ንምኳን በቒዖም እዮም። ስለዚ



Scanned by CamScanner

ቻይና ኣብ ኣፍሪካ ትቕድመና ኣላ ክብሉ ከለዉ ብወታደራዊ ሓይሊ ንምግላስ ኣይነበረን። ንቻይና ካብ ኣፍሪካ ንምውፃእ ሓደ ነገር ክግበር ኣለዎ ኢሎም ወሲኖም። ከም ዝፍለጥ ቻይናን ሩስያን ኣብ ኣፍሪካ ኣብ ክልቴኣዊ ረብሓን ስምምዕነትን ዝተመስረተ ናይ ልምዓት ስራሕቲ ከም ዝሰርሓ ይፈልጡ እዮም። ናይ ልምዓት ስራሕቲ ንምስራሕ ፍፁም ሰላም የድልዮ። ምዕራባውያን ንመወዳደሪ ዝተጠቐሙሉ ኣፍሪካ ኣይ ኤስ ኣይ ኤስ ብዝብል መፎዓዲ ሓይሊ ክትውረር ብምግባር ንሳቶም ድማ ወታደራቶም ብሽም ሰላም ምኽባር ኣእትዮም እታ ኣህጉር ተቆፀቀፂርካ ካብ ቻይና ምሕዳግ ዝብል ነይሩ። በዚ መሰረት ድማ ብሊብያን ግብፅን ጀሚሮም ምዕራብ ኣፍሪካ ፧ማሊ፧ ቡርኪናፋሶ፧ ናይጀርያን ኒጀርን ወዘተ... ብግብረ ራዕዲ ተጥለቕሊቐን እዚ ግን ከምቲ ዝሓሰብዎ ክሰልጥ ኣብ ርእሲ ዘይ ምኽኣሉ ናይ ቻይና ናይ ኣርባዕተ ትርልዮን ዶላር ዓለም ብንግዲ ናይ ምትእስሳር ፕሮጀክት ኣብ መንገዲ ኣርኪብዎም። ሃገርና ውን ብጅቡቲ ኣቢላ ናይዚ ፕሮጀክት እዚ ኣካል ኔራ። ኣከታቲሎም እውን ቻይና ናብ ጅቡቲ ወታደራታ ከም እተእቱ ምስ ፈለጡ ንጅቡቲ ንቻይና ወታደራዊ ማዓስከር ቦታ ንኽይትህባ ምሕፅንታ ኣቕሪቦም ኣይተሳኽዐሎምን። ከም ዝፍለጥ ጅቡቲ ገንዘብ ንዝኸፈላ ኩሉ ብምእታው እታ ሃገር ወታደራዊ ባዛር እያ ኮይና። ካብ ቻይና ኣብ ዓመት ሚኢቲ ሚልዮን ዶላር ስለ እትረክብ ናይ ኣሜሪካ ምሕፅንታ ዋጋ ክርከብ ኣይካኣለን፣ ከምቲ ዝፈርሕዎ ድማ ቻይና ኣብ ጅቡቲ ወታደራዊ ማዓስከር ኣምቢራ ኣሜሪካ እውን ምስ ቻይና ካብ ምግፋጥ ካሊእ ስልቲ ንክሕንፅፁ ተገዲዶም። ንሱ ውን እታ ቻይና ዝመፀትላ ኣጀንዳ ፈሊጥካ ዝቐለለ መፍትሒ ምቕማጥ ዝብል ኔሩ። ርሑቕ እንተይከዱ ቻይና ዝመፀትሉ ምኽንያት ነታ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዝላዓለ ቁጠባዊ ዕቤት ኣብ ምምዝጋብ ንዝነበረት ሃገርና ኣብኡ ንዝነበራ ጥቕሚ ንምሕላው ምኻኑ ነዊሕ ኣይወሰደሎምን። እቲ ናይ ኣይ ኤስ ኣጀንዳ ብምቕያር ድማ እታ ቻይና ዝመፀትላ ምኽንያት ብምዕፃው ናብ ዝብል ተሰጋጊሮም። ከም ዝፍለጥ ንቻይና ብወታደራዊ ይኹን ብኢኮኖሚ ከሰኩንዋ ስለ ዘይኽእሉ ሕነ ቀራናት ንጓዕማማት ከም ዝብሃል ነታ ናይ ኣፍሪካ ናይ ቻይና በሪ ተባሂላ እትፅዋዕ ዝነበረት ሃገርናን ነቲ ብህወሓት ይምራሕ እዩ ዝብልዎ ኢህወደግን ምጥፋእ ከም መማረፂ ወሲዶም።

- ንስርዓትና ብኸመይ እዮም ክውድቕዎ ተንቀሳቒሶም ?

ከምቲ ቅድም ክብል ዝተገለፀ ኣሜሪካ ከም ድላያ እትገብራ ዓለም ኣብዚ ሐዚ እዋን የላን። ከምቲ ኣብ ዒራቕ፧ ሊብያ፧ ኣፍጋኒስታን ዝገበረቶ ቀጥታ ወታደራዊ ስጉምቲ ምውሳድ ኣይትኽእልን ምኽንያቱ ቻይናን ሩስያን ጣለቃ ክኣትዋ እየን ተባሂሉ ስለ ዝሕሰብ ሐዚ ኩናት ተካይዶ ብተላኣኣኺታ ኣቢላ ብድሕሪት ብምምራሕ እዩ። ስለዚ ንቲ ኣብ ሃገርና ዝነበረ ስርዓት ንምፍራስ ምስ ወሰኑ ብወታደራዊ መንገዲ ዝብል በቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ምኽንያት ውድቂ ኮይኑ። እቲ መማረፂ ብቐለም ወያነን ናይ ህውከት መንገዲ ብምጥቃምን /Unconventional war fare/ ክልቲኡ ሓዋዊስካ (Hybride warfare) ነቲ ስርዓት ብምፍራስ ናሃቶም ተላኣኣኺ ናብ ስልጣን ብምምፃእ ናይ ቻይና በሪ ምዕፃው ብዝብል ናብ ተግባር ኣትዮም። በዚ መሰረት ድማ ካብ 2006 ዓ/ም ጀሚሩ ናይ ኩሉ ነገር ተጠያቒ ትግራዋይን ህወሓትን እዩ ብዝብል ናይ ፕሮፓጋንዳ ሜላ ተጠቒሞም ህውከትን ዕግርግርን ብምፍጣር ናይ መሪሕነት ሽግር ተሓዊስዎ ነቲ ሐዚ ዘሎ



Scanned by CamScanner

ተለኣኣኺ ናብ ስልጣን ከምፅኡ ኪኢሎም እዮም። ናይ ሕገ መንግስቲ ቅልውላው ተፈጢሩ ድማ ናብዚ ሐዚ ዘለናዩ ብርኪ በፂሕና ኢና። ኣብዚ ከተሓዝ ዘለዎ እዞም ፀላእቲ ኩሉ ግዜ ዝነበሩን ሀዚ እውን ንቓድሚት እውን ኣለዉ እዮም። ነዚ ሐዚ ተፈጢሩ ዘሎ ትርምስ እውን ኣፍቲ ሽው እዋን ነቶም ቀለም ወያነ ዝመርሑ ዝነበሩ ናይ ኢህወደግ ኣመራርሓ ስጉምቲ ተዝውሰዶም ኔሩ እቲ ሐዚ ነካይዶ ዘለና ኩናት መትረፈ ኔሩ። ኮይኑ ግን ናይ ኣመራርሓ ዘይምጥንካር እንተሃልዩ ከም ትግራይ ተነፂልና ውን ኣየነምልጥን። ኣብ ሃገርና ነቲ ሐዚ ዝተፈጠረ ሽግር ዋና መሰረት ኣብ ውሽጢ እቲ ውድብ ንዝተፈጠረ ፅግዕተኛ ሓይሊ ከም ተላኣኣኺ ተጠቒሞም ነቲ ስርዓት ከፍርስዎ ስለ ዝኽእሉ እዩ። ኣብ ውሽጢ ህወሓት እውን ከምቲ ብሃገር ደረጃ ዝፈጠርዎ ሓይሊ ንምርካብ ብዘይ ዕረፍቲ ካብ ምንቅስቓስ ንድሕሪት ኣይብሉን። ስለዚ ናይ ኩሉ ግዜ ቃልስና ከኸውን ዘለዎ ከፍተት ዘይምፍጣርን ስትራተጂክ መሪሕነት ክህልወና ምኽኣልን እዩ።

### ኒዮ ኮርቲካል ውግእ (Neo Cortical warfare)

እዚ ዓይነት ውግእ ሓዱሽን ናይ ሓንጎል ወይ ናይ ኣእምሮ ውግእ ተባሂሉ ይፅዋዕ። እዚ ዝጥቀምሉ ነቲ መራሒ ወይ ተፅዕኖ ፈጣሪ ኢሎም ንዝሓሰብዎም ወታደራዊ መራሕትን ጀነራላትን ሓዊሱ ዒላማ ዝገበረ ዓይነት ውግእ እዩ። ኣብ ከም ሃገርና ዝበላ ነቲ ቀዳማይ ሚኒስተር እውን ዝሓውስ እዩ። ዕላማ ናይዚ ዓይነት ኩናት ናይቲ ታርጌት ዝተገበረ ውልቀ ሰብ ኣተሓሳስባ ብምቕያር ናታቶም ተለኣኣኺ ክኸውን ምግባር እዩ። ስጉምቲ ኽይወስድን ኢዱን እግሩን ከጣምር ምግባር እውን ካብቶም ዕላማታት ሓደ እዩ። እዚ ንምግባር መጀመርያ እቲ ታርጌት ኣብ ናይ ምዕራባውያን ማሕበራዊ መራኸብቲ (Face book, Twitter, Instagram) ወዘተ… ኣካውንትን ፎቶን ክህልዎ ኣለዎ። ታሪኽ ናይ ቤተሰብ ትኹረት ዝህበሎም ነገራት ክረኽቡ ኣለዎም። ብድሕሪኡ በቲ ሓደ ጫፍ ፍሬንድ ኢሉ ዝመፅእ ይህሉ። እዚ ፍሬንድ እዚ ድላዩ ዓይነት ሽምን ዜግነትን ሒዙ እዩ ዝመፅእ። ኢትዮጵያዊ ክመስል ይኽእል እዩ ዎላይታ ትግራዋይ ኦሮሞ ኣምሓራይ ወዘተ… ኩሉ ቋንቋ ከዛረብን ክመስልን ይኽእል እዩ። ግን ታራ ፍሬንድ እንተይኮነስ ናይ ስነ ኣእምሮ ተማራማሪ ዶክተር እዩ። እቲ ዒላማ ዝተገበረ ውልቀ ሰብ ምስዚ ሳይንቲስት ሓሳባት ምቅይያር ሳይንሳዊ ብዝኾነ መንገዲ ይቐፅል። እቲ ታርጌት ዝነበሮ ኣተሓሳስባ ብምድርባይ ናታቶም ሃወርያ ይገብርዎ በዚ መንገዲ ድማ ናይ ወያናይ ዲሞክራሲ እንተይኮነስ ናይ ኒዮ ሊበራሊዝም ኣተሓሳስባ ተገዛኢ ይኸውን።

ኣብ ዓለምና መብዛሕትኦም ኣብ ዕልዋ መንግስቲ ዝሳተፉ ጀነራላት ኣብ ኣሜሪካ ወታደራዊ ኣታሼነት ዘገልገሉ፣ ናብ ኣሜሪካ ብተደጋጋሚ ዝመላለሱን ስልጠና ዝወሰዱን ኣብ ናይ ምዕራባውያን ዩኒቨርስቲታት ብናይ ምዕራባውያን ወፃኢ ዝተምሃሩን እዮም። እዚ ሐዚ ብዘሎ ናይ ዓለም ኣሰላልፋ ብዝግባእ እንተተጠቒምናሉ ኔትዎርክ ኢንፍራስትራክቸርና ብናይ ቻይና ጂ5 ናይ ህዋዊ ቴክኖሎጂ ብምሕፃር ከፍተታት ብምእራምን ዝፍታሕ እዩ። ኣብ ህወሓት ኣብዚ ሐዚ ነካይዶ ዘለና ኩናት ከምዚ ዓይነት ምትሕውዋስ ኪይህሉ እውን ብደምቢ ከፍተሽ ኣለዎ። ናይ ምዕራባውያን ታርጌት ህወሓት እዩ። ናይ ህልውና ጉዳይ ስለ ዝኮነ ድማ ናይ ሞትን ሕየትን ጌርና ክንሪኦ ይግባእ።



Scanned by CamScanner

## ናይ ኣብዪ ዑደትን ዕላምኡን

ነዚ ሐዚ ናብ ስልጣን ዝወፀ ተላኣኣኺ እዩ ንብሎ ዘለና ንምንታይ እዩ? ካብ ዑደቱ ኸ ተላኣኣኺ ንምኻኑ ግልፅ ኣቢሉ ዘርኢ ምንቅስቓስ ኣለዎ ዶ? ቅድም ኢለና ከም ዝገለፅናዮ ምስ ኤርትራ ይኩን እቲ ሃገር ንምሻጥ ብተላኣኣከኝት ዝፈፆሞም ገበናት ካፍቲ ናይ ዑደት ምንቅስቃሱ እውን ብግለፂ ከርአ ዝክእል እዩ ነይሩ ። ከም ዝስዕብ ከዓ ካብቶም ዑደታቱ ዋና ዋና ንርአ።

- ✓ 18 ጉንበት 2018 ዓ/ም ፈ ናብ ሱዑድ ዓረብ ዑደት ጌሩ ።
- ✓ 21 ጉንበት 2018 ዓ/ም ፈ ናብ ዩናይትድ ዓረብ ኤማራት ዑደት ጌሩ።
- ✓ 5 ሰነ 2018 ዓ/ም ፈ ናይ ኢህውደግ ፈፃሚት ናይ ኣልጀርስ ስምምዕነት ብዘይ ምንም ቅድመ ኩነት ከፍፀምን ናይ ልምዓት ትካላት ብሙሉእን ብኸፋልን ናብ ግሊ ክዛወራ /Privetaize/ ክግበራ ወሲኑ ዝብል ዜና ብሚድያታት ተማሓላሊፉ።
- ✓ ካብ 9 ክሳብ 10 ሰነ 2018 ዓ/ም ፈ ናብ ግብፂ ዑደት ጌሩ፤ ሰለስተ ነገራት ድማ ቃል ኣትዩ
  - ሓደ ናይ ኣባይ /ህዳሴ ግድብ/ ኤለክትሮ መካኒካል ስራሕ ጠጠው ክብል ሜቴክ ክእገድ
  - ካለኣይ ዝፀንሐ ናይ ፀጥታን ድሕንነትን ትካላት ክፈርስ ሓይልታት ምክልኻል ከዳኸም ምግባር (ኣብ ዝኾነ እዋን ወታደራዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ንኽምችዎም)
  - ሳልሳይ ብግብፅን ሻዕብያን ዝድገፉ ዝነበሩ ብግብረ ራዕዲ ዝተኸሰሱ ኦነግ፤ ኦብነግ፤ ግንቦት ሸውዓተ ናብ ኢትዮያድያ ንክኣትዉ ዝብሉን ካልኣትን ስምምዕነት ብምፍፃም ብሄራዊ ረብሓናን ድሕንነትናን ኣሕሊፉ ሂቡን ተግባራዊ ጌሩን።
- ✓ 15 ሰነ 2018 ዓ/ም.ፈ ናይ ዩናይትድ ዓረብ ኤምሬት ሱኡል ናብ ኣዲስ ኣባባ መፂኡ ንኣብይ ሰለስተ ቢለዮን ዶላር ኣሕረጊቱዎ ።
- ✓ 20 ሰነ 2018ዓ/ም.ፈ ኢሳያስ ልኡኹ ናብ ኢትዮድያ ከም ዝሰድድ ዕላዊ ጌሩ።
- ✓ ሓምለ 4/2018 ዓ/ም.ፈ ኢሳያስ ናብ ዩናይትድ ዓረብ ኤምሬት ብምኻድ ነቲ ልኡል ብምርካብ ኣብይ ካብ ዝረኸቦ ሓረገት ንላዕሊ ሒዙ ከም ዝተመለሰ ፀብፃባት ይሕብሩ።
- ✓ 2018 ዓ/ም.ፈ ኣበይ ናብ ኣስመራ ዑደት ጌሩ ናይ ኢትዮድያን ኤርትራን ናይ ሰላም ድራማ ተሰሪሑ።
- ✓ 14 ሓምለ 2018 ዓ/ም.ፈ ኢሳያስ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዑደት ጌሩ ።
- ✓ 23 ሓምለ 2018ዓ/ም.ፈ ኣበይ ንናይ ኣዲስ ኣበባ ሙሁራን ኣኪቡ ኣባይ ግድብ ናይ ፖለቲካ እምበር ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ከም ዘይብሉ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ገዜ እውን ከምዝወስድ ኣብ ሜቴክ እውን መፀለምታታት ደርብዩ ።
- ✓ ሓምለ 24/2018 ዓ/ም.ፈ ኣብይን ኢሳያስን ናይ ሙሩፃት ተዋሳእቲ መዳልያ ብሓለቀኦም ኣብ ዩናይትድ ዓረብ ኤምሬት ተሸሊሞም ።
- ✓ ሓምለ 26/2018ዓ/ፈ ናይ ህዳሴ ግድብና ውፉይ ኢንጅነር ስመኘው በቀለ ተቐንፂሉ።
- ✓ ሓምለ 27/2018 ዓ/ፈ ኣብይ ናብ ኣሜሪካ ብምምራሕ ናይ ባንኪ ዓለምን ናይ ኣይ ኤም ኤፍን ሓለቕቶት ኣዘራሪቡ።

ካብ ኣሜሪካ ተመሊሱ ናብ ቴሌቭዥን ብምውፃእ ባንኪ ዓለም ሓደ ነጥቢ ክልተ ቢልዮን ዶላር ከም ዘለቀሖ ዕላዊ ጌሩ።



Scanned by CamScanner

- ✓ ነሓሰ 23/2018 ዓ/ፈ ኣበይ ደጊሙ ባንኪ ዓለም ሓደ ነጥቢ ክልተ ቢልዮን ዶላር ኣለቂሑና ክብል ተሰሚዑ።
- ✓ 24 ነሓሰ 2018 ዓ/ፈ ናይ ግብፂ ወፃኢ ጉዳይ ሓላፍን ናይ ድሕንነት ሓላፍን ናብ ኣዲስ ኣባባ መፂኦም ምስ ኣብይ ተራኺቦም።
- ✓ 25 ነሓሰ 2018 ዓ/ፈ ሜቴክ ካብ ናይ ሀዳሴ ግድብ ስራሕ ተኣጊዱ እቲ ሜቴክ ዝሰርሖ ዝነበረ ናይ ሀዳሴ ግድብ ስራሕ ንናይ ኣሜሪካ ጀነራል ኤሌክትሪክ /GE/ ንዝብሃል ኩባንያ ተዋሂቡ እቲ ስራሕ ድማ በቲ ባነኪ ዓለም ኣለቂሑና ዝበሎ 1.2 ቢልዮን ዶላር ክሰርሖ እቲ ልዐሊ 40% ወለድ ዘለዎ ልቃሕ ድማ እታ ሃገር ክትከፍሎ እንተዘይ ኪኢላ ድማ ባንኪ ዓለም ወሪሱ ናብ ጀነራል ኤለክትሪክ የረክቦ።

## ናይ ኣብይን ኢሳያስን ናይ ሰላም ድራማ

ቅድሚ ናብዚ ሓተታ ምእታውና ብፃይ መለስ ዜናዊ ቅድሚ ዓመታት ብጋዜጠኛ ኣሌክስ -ዲ-ወል-ተጠይቁ ዝሃቦ መልስን ሕቶን ክንጅምር --

ሕቶ- ኣብ ሂወትካ ከይኸውን ኢልካ እትፈርሖ እንታይ እዩ? /what is your wrost nightmare/? ዝብል ኔሩ።

መልሲ- ካፍቲ ናይ ቀረባ ዝኾነ ጉዳይና ማለት ውን ካብ ናይ ኤርትራ፣ ሶማልያን ክልቲኤን ሱዳንን ጉዳይ ውፅኢ ኢልና ክንሓስብ ከለና ሓንቲ ግብፂ እያ። ኣብ ግብፂ ንወያናይ ዲሞኩራሲ ዝምቹ ፐጡሕ ባይታ ኣሎ። ናይ ግብፂ መራሕቲ ግን ካብዚ ኣጀንዳ እዚ ወፂኦም እዮም። ተሓባቢሮም ክሰርሑ እውን ቅሩባት ኣይኮኑን። ሪጅናል ኣውራታት ናይ ምኳን ሕልሚ ኣለዎም። እዚ ኣብዘይ ተሳኽዐሎም እዋን ድማ ብቐሊሉ ናብ ጎንፂ ከእትዉና ይኽእሉ እዮም ምስ በለ እቲ ካሊእ ግን ጋልፍ ስቴትስ እየን በለ እሞ ቀፂሉ እዘን ሃገራት እዚኤን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ንጥቀመለን ናይ ባሕሪ በርታት/ወደባት/ ይቆፃፀሩሞ ናይ ግብፂ ወፃኢ ጉዳይ ፖሊሲ ምዝማር ይጅምሩ። እዚ እዩ እቲ ዘፍርሐኒ ሓደጋ ኢሉ መሊስሉ። ካብዚ ተላዒሉ ድማ መራሒና ብፃይ መለስ ዜናዊ ናይ ኢጋድ ወታደራዊ ሓይሊ ምጥንኻር ጀሚሩ ነይሩ ።

ኩቡር መራሒና መለስ ዜናዊ ጋልፍ ስቴትስ እንትብል ብሓፈሻ እዩ ተዛሪቡ። ንሱ ግን ብዛዕባ ናይ ዩናይትድ ዓረብ ኤምሬትስ ዋንነት ዘለዎን ናይ እንግሊዝን ካልኦት ምዕራባውያንን ብፅሒት ዘለዎ ዱባይ ፓርት /DP World/ ብዛዕባ ዝብሃል ኩባንያ እዩ ይዛረብ ኔሩ። እዚ ኩባንያ ካብ ዓለምና ብግዝፈቱ መበል ሳልሳይ እንትኸውን ወደባት ተኻርዩ ብምልማዕ ተመሊሱ ነተን ወደብ ዘይብለን ሃገራት ዋጋ ወሲኹ ብምክራይን ሃይማኖታውን ኢኮኖሚያውን ፅዕንቶ ብምፍጣር እውን ዝፍለጥ እዩ ። እስቲ ቀፂልና -እዚ ኩባንያ እዚ ኣብ ዞባና ዞባ ምብራቕ ኣፍሪካ ዘለዎ ምንቅስቓስ ስዒብና ንርአ።



Scanned by CamScanner

## ዱባይ ፖርትን ጂቡትን

እቲ ኩባንያ ናይ ጅቡቲ ዱራሌ ወደብ ምልማዕ ጀሚሩ ኣብ ሞንጉኡ ውፃእ ኢላቶ ኣብ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ተኻሲሶም ጂቡቲ 500 ሚልዮን ዶላር ከትከፍል ተወሲኑላ።

## ሶማሊ ላንድ /ሃርጌሳ/ ዱባይ ፖርትን

ዱባይ ፖርት 400 ሚልዮን ዶላር ናይ ከራይ ውዕሊ ብምኽፋል ሃርጌሳ ወደብ ተቆፃፂሩ ይርከብ። ሶማልያ ሉኣላውነተይ ተደፊረ ዝብል ጥርዓን ኣቕሪባ ኔራ። ካሊእ ኣውሮፓዊ ኩባንያ እውን ኣብ ቀረባ ከምተሓወሰ እዮም ፀበፃባት ዝሕብሩ ።

## ዱባይ ፖርትን ፖርት ሱዳንን

ኣብ መብዛሕትኡ ውግኣትን ዕልዋ መንግስቲን ስራሕቲ እቲ ኣሰላልፋ ዳርጋ ኩሉ ግዜ ሓደ ዓይነት እንዳኾነ እዩ መፂኡ። ናይ ሱዳን ፕረዚደንት ነበር ዑመር ኣልበሽር እውን ናይ ቀለም ወያነን ዕልዋ መንግስትን ናይ ኣሜሪካን ኣዕራብ ሓሻከራን ሰለባ እዩ ኾይኑ።

ናይ ሱዳን ናይ ድሕንነት ሓላፊ ቢልዮናት ዶላር ብዩናይትድ ዓራብ ኤምሬት ተኸፊልዎ ናይ ኣልበሽር ሓለዋ ብምግላስ እቲ ፕረዚደንት ንሂወቱ ብምስጋእ ካብ ስለጣኑ ከገልስ ብምግባር እዩ እቲ ዕልዋ መንግስቲ ተኻይዱ። እቲ ናይ ሱዳን ናይ ድሕንነት ሓላፊ ድሕሪኡ ሃለዋቱ ኣይፍለጥን ሐዚ ፖርት ሱዳን እውን ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ዱባይ ፖርት ይርከብ። እቲ ሐዚ ኣብ ሱዳን ስልጣን ሒዙ ዘሎ መንግስቲ ልክዕ ከም ኣብይ ናይ ኣሜሪካን ኣዕራብን ተላኣኣኺ እዩ።

## ናይ ኤርትራ ወደባትን ዱባይ ፖርትን

ብኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ኣብ 2015 ናይ የመን ውግእ ክጅመር ከሎ ሱዑድ ዓረብን ዩናይትድ ዓረብ ኤምሬትን ንሻዕበያ ሓደ ሕሹኽ ዝበልዎ ነገር ነይሩ ንሱ ውን እቲ ናይ የመን ውግእ መጨረሽኡ ናብ ኢትዮጵያ ከም ዝኮነ እዩ። ኢሳያስ እዚ ምስ ሰምዐ ዓሰብን ምፅዋዕን ሒዞቶ ንዝነበረት ኢራን ከትወፅእ ብምግባር ንናይ የመን ሃውቲ ዝገብሮ ዝነበረ ድጋፍ እውን ጠጠው ብምባል ዓሰብን ምፅዋዕን ንዩናይትድ ዓረብ ኤምሬትስ ብምርካብ ንናይ የመን ኩናት ክጥቀሙሉ ክኢሎም እዮም ።

ዱባይ ፖርት ሕጋዊ ናይ ከራይ ውዕል ምስ ኢሳያስ ንኽይፈራረም ዝኽልክሎ ሓደ ነገር ነይሩ። ንሱ እውን ኢሳያስ ብባይቶ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት ዝተገበረሉ ማዕቐብ ነይሩ። እዚ ማዕቐብ ንኽላዓል ድማ ኣብይን ኢሳያስን ናይ ሰላም ድራማ ክሰርሑ ኔርዎም። ቅድም ኢልና ከም ዝራኣናዮ ድማ ንኽልቲኦም ቢልዮናት ዶላር ሕርጓቶ ተዋሂብዎም ነቲ ተዋሰእ ሰሪሖም እዮም። ብኣሜሪካ ፊተውራርነት ድማ ኣብ ውድብ ፀጥታ ሕቡራት መንግስታት ቀሪቡ ናይ ኢሳያስ ማዕቐብ ክላዓል ኪኢሉ እዩ። ኣብይ እውን ናይ ኖቬል ተሸላሚ ክኸውን ኪኢሉ እዩ። ስለዚ ናይ ኣብይን ኢሳያስን ናይ ሰላም ድራማ ኣሜሪካን ሓሻኽራ ኣዕራብን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ሩስያን ቻይናን ኢራንን



Scanned by CamScanner

ንዘለዎን ጅኦፖሎቲካል ንሕንሕ እምበር ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘምፅኦ ፋይዳ ከምዘየለ ይፍለጥ እዩ። ሐዚ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ካብ ዘለዉ ወደባት ካብ ዱባይ ፖርት ወፃኢ ዘሎ ናይ ጅቡቲ ወደብ እዩ። ስለዚ ዱባይ ፖርት ዝተቆፃፀሮ ወደብ ምስ ብሄራዊ ጥቕምና ዝፃባእ ስለ ዝኾነ ወደብና ናይ ጅቡቲ ወደብ ከኸውን ኣለዎ። ኣሜሪካ ኣብ ሞንጎ ጅቡቲን ኢትዮጵያን ዘሎ መስመር ንኽዕዖ ብዙሕ ሰራሓን ትሰርሕ ኣላ። ምኽንያቱ ድማ ኣብ ሃገርና

- ✓ እቲ ሓደ ናይ መንግስቲ ዕልዋ ዝተገበረሉ ምኽንያት ናይ ቻይና በሪ ንምዕፃው እዩ ። ቻይና እትዕፀወሉ ድማ ኣብ መንጎ ጅቡቲን ሶማሌ ክልልን ዓፋርን ዘሎ መስመር እንትዕፆ እዩ።
- ✓ እቲ ካልኣይ ድማ ጅቡቲ ንዱባይ ፖርት ዝነፀገት ሰለ ዝኾነት ካብቲ ወደብ ዝረኽብዎ ጥቅሚ የለን።
- ✓ እቲ ሳልሳይ ናይ ሱማሌ ክልል ጋዝን ነዳድን ኣሜሪካ ከትጥቀመሉ እንተኾይና እቲ ሃገርና ካብ ሎሚ ዓመት ጀሚሩ 7 ቢልዮን ዶላር ኣብ ዓመት ኣታዊ ከትረኽበሉ ዝነበረት ናይ ሶማሌ ክልል ናይ ጋዝ ሃፍቲ ምስ ቻይና ዝተፈረመ ውዕል ስለ ዝኾነ እቲ መስመር ድማ ብጀቡቲ ስለ ዝኾነ ኣሜሪካ እቲ ኣብ ሞንጎ ጅቡትን ሱማሌ ክልልን ዘሎ መስመር ተዓፅዩ ኣብ ሶማሌ ክልል ኣልሸባብ ብምእታው ብፀረ ሽብር ምኽንያት እቲ ቦታ ብምሓዝ ጋዝን ነዳድን ብሶማሌ ላንድ ወይ ብዓሰብ ኣቢላ ንምውሳድ ዝዓለመ ምንቅስቓ ኣብ ምግባር ትርከብ። ናይ ሶማሌ ክልል ፕረዚደንት ነበር ኣብዲ ኢሌ ናይ ዕልዋ መንግስቲ ሰለባ ዝኾነ ነዚ ስትራተጂካዊ ጥቕሞም ንምሕላውን ተላኣኣኪኦም ንምቕማጥን እዩ ነይሩ። ናይ ዓፋር ክልል ፖታሽ እውን ናይዚ ታርጌት እዩ። ኣብይን ኢሳያስን ኣብ ስዑድ ዓረብ ካብ ዝተፈራረሙሎም እውን እዚ ሓደ ኾይኑ ብዓሰብ ኣቢሉ ንኽጓጓዓዝን ኢሳያስ ኣብ መንጎ ነጋዴ ብምኧን ነቶም ካልኦት ሓይልታት ድማ ሰብ ዋና ዝገብር እዩ። ስለዚ ንሕና እውን እዚ ፈሊጥና ንፀላእትና ኣበይናይ ቦታ ብኽሳዶም ከም ንሓንቆም ፈሊጥና ጂኦፖለቲካል ተደራዳራይነትና ብምዕባይ ህላወናን ጥቕምናን ከም ንሕሉ ፈሊጥና ካርታና ክነመዓራሪ ይግባእ።

## ✚ ኣሜሪካ ሞሳድን ኣዕራብን ኣብ ኣባይ ተፋሰስ

ከምቲ ዝፍለጥ ኣብዛ ሐዚ ዘላ ዓለም ናይ ኢኮኖሚን /ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ/ ጆኦ ፖሎቲካል ንሕንሕ ኣፍተን ፀበብቲ ናይ ቀይሕ ባሕሪ መተሓላለፍቲ ናይ ምብራቕ ኣፍሪካን የመንን ዝዓዘዘ ኮይኑ ይርከብ።

ብምኽንያት ምውሳኽ መጠን ሙቐት ዓለምና /GlobaL warming/ ኣብ ዓለምና እቲ ዝላዓለ ዋጋ ዘሎዎን ንመፃኢ ከባርን ዘይርከብን ፅሩይ ዝስተ ማይ እዩ። እዚ ሓዱሽ ማይ ካብ ዋሓዝቲ ሩባታት ዝርከብ ስለ ዝኾነ ኣበዚ እዋን ዋሓዘቲ ሩባታት እውን ዓበይቲ ናይ ንሕንሕ ማእኸላት እየን። ካበዚ ሓደ ሩባ ኣባይን ተከዘን ናይዚ ተፋሰስ ሃገራትን እየን። እዚ ንሕንሕ እዚ ምስ ናይ



Scanned by CamScanner

ግብፂ ስዊዝ ካናል ናይ ማእኸላይ ምብራቕ ጂኦ ፖሎቲካል ኣሳላለፉ እውን ዝተተሓሓዘ እዩ። እስራኤል እውን ሓደ ንግበፂ ኣብ ቁፅፅራ ብምእታው ናይ ማእኸላይ ምብራቕ ፖለቲካ ንምቁፅፃርን ብኣስዋን ግድብ ኣቢላ ካብ ሩባ ኣባይ ንእተረኽቦ ፀሩይ ዝስተ ማይ ኣብዚ ድራማ እዚ ብሰፊሑ ምንቅስቓስ ካብ እትጅምር ንውሕ ዝበለ ዓመታት ኣቑፂራ እያ።

እዚ ጥቕመን እዚ ንምሕላው ካብ ዝሓዝኦ ፕሮጀክት ሓደ ናይ ኣባይ ተፋሰስ ሃገራት ሓይሊ ከይረኽባን ጥቕመን ከይካላኸላን ናብ ኣናእሽቲ ዝተባታትና ስቴታት ምቕያር እዩ።

እዚ ፕሮጀክት እዚ ቅድሚ ዓመታት ሞሳድ ንሱዳን ኣብ ክልተ ብምኽፋል ጀሚሩዎ እዩ። እዚ ከቕፅልን ዳርፉር፣ ቀይሕ ባሕሪ ዝሓዘ ምብራቕ ሱዳን እውን ካብ ሱዳን ንምንፃል ዝተትሓዙ ዕማማት እዮም። እዚ ናብ ኢትዮጵያ እውን ከቕፅልን ፈለማ ትግራይ ዘይብላ ኢትዮጵያ ብምፍጣር ካብ ሩባ ኣባይ ናብ ተከዘ እውን ከመፁ እዮም። ሐዚ ኣብ ኢትዮጵያ በቲ ተላኣኣኺኦም ናይ ሱዳን መንግስቲ ናይ ሩባ ኣባይ ምንጩን (ናይ ኣምሓራ ክልል) መዕለቢኡ (ቤነሻንጉል ጉሙዝ) ንምቁፅፃር ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። እዚ ምስ ገበሩ ናብ ትግራይ ተከዘ ከም ዝመፁ ንፃት እውን ከንጠራጠር የብልናን። ኣብ ሱዳን ዘሎ መንግስቲ ልክዕ ከም ኣብይ ተላኣኣኺ ናይ ኣሜሪካን ኣዕራብን እዩ። እቲ ሐዚ ሱዳንን ግብፅን ዝሰርሐኦ ዘለዋ ድራማ ኮነ ተባሂሉ እቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ተላኣኣኺኦም ንሃገር ዝሕለቕ እዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣፍቲ ህዝቢ ንምስራፅን እቲ ህዝቢ ቃልሱ ንኽየኳሃህር ዝግበር ዘሎ ሽርሒ እዩ። እዚ ድማ ሙሉእ ዓቕሙ ኣብ ትግራይ ንዘሎ ኲናት ንኽውዕል ዝግበር ዘሎ ድራማ እዩ። ህዝቢ ትግራይ እውን በዚ ድራማ እዚ ኣብ ምትላል ይርከብ። ንሱዳን ከም ናይ ቃልሲ መሓዞኻ ብምርኣይ ዝግለፅ ታሪኻዊ ስሕተትን ኣንፃር ረብሓኻ ምስላፍን ዝግለፅ እዩ። ሩባ ኣባይን ግድብ ህዳሴን ቅድሚ 3ተ ዓመታት ንጀነራል ኤለክትሪክ ናይ ኣሜሪካ ዝተሸጠን ፋይሉ ዝተዓፀወን እዩ። በዚ ዝግበር ዘሎ ድራማ እንተተታሊልና ሃዲድና ኢና ንስሕት ዘለና። እቲ ዘሕዝንን ልብኻ ዝሰብርን ካብ ኣሽሓት ኪሎሜትራት ርሕቕት መፅዮም ባዕዳውያን ነኒ ባዕለና ኣባሊያም ዓድና ብብልሓት የንጥቅዋ ኣለዉ።

ንምኧኑ እንታይ ኢና ንስእን ዘለና? ሩባ ኣባይ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ ዘ ፍጥረት 2:10 ካብ ገነት ካብ ዝፍልፍሉ 4ተ ሩባታት ሓደ እዩ። ግዮን እናተብሃለ ድማ ይፅዋዕ። ኣባይ ማለት ብግእዝ ኣብይ ካብ ዝብል ዝተወሰደ እንትኾን ዓብይ ወይ ገዚፍ ዝብል እዩ። እዚ ድማ ሩባታት ኩሎም ኣውራ ወይ ንጉስ ተባሂሉ ዝቑፀር ሩባ እዩ። እታ ሃገር ካብ ዘለዋ 122 ቢልዮን ሜትር ኪዩብ ናይ ገፀ ምድሪ ማይ 70% ኣብዚ ሩባ እዚ ይርከብ። ካብ 9ተ ክልላት ሃገርና እተን 6ተ ናብ ሩባ ኣባይ ዝፈሱ ወይ ዝግብሩ ሩባታት ኣለውዎን። እታ ሃገር ብመስኖ ክለምዕ ካብ ዝኽእል መሬታ 2/3 ኣብ ኣባይ ተፋሰስ ዝርከብ እዩ። እታ ሃገር ካብ ዘለዋ ዕቑር ሃፍቲ ሓይሊ መፈልፈሊ 2/3 ኢድ ካብዚ ሩባ እዚ ዝርከብ እዩ። 40 ሚልዮን ዝኸውን ህዝቢ ኣብዚ ተፋሰስ እዚ ይርከብ። 37% ስፍሓት መሬት ናይታ ሃገር ኣብዚ ይርከብ። እቲ ግድብ ዝህነፀሉ ቦታ ካብ 90 ንላዕሊ ሩባታት ሰብሲቡ ናይታ ሃገር ልሙዕ ሓመድ ተሸኪሙ ከሳብ 600 ሜትሮ ዑምቆት ዘለዎ ሸንጥሮ ኣቋሪፁ ናይ



Scanned by CamScanner

1000 ኪሎ ሜትር ጉዕዞ ጨሪሱ ዝተፈጠረላ ምድሪ ኣብ ዝስናበተሉ ቦታ እዩ። እምብኣር ከስ ባዕዳውያን ንሕና ምስ ድኽነትና ነዚ ኩሉ ንምምንጣል እዩ ነኒባዕልና ዘባልዑና ዘለዉ። ንሕና እውን ካብ ስምዒት ወፂና ካብ ሩዋንዳ ትምህርቲ ብምውሳድ ጂኦ ፖለቲካል ተደራዳራይነትና ኣዕቢና ነዚ ብዙሕ ረብሓ ዘለዎ ሩባን ግድብን ምስ ቅማንትን ካልኦት ናይ ኣምሓራ ክልል ውፁዓት ህዝብታትን ምሕዝነትና ብምጥንኻር ኢድና ብመተማ ኣቢልና ብምንዋሕ ናብ ቤንሻንጉል ጉምዝ ከበፅሕ ብምግባር ህላወና ምርግጋፅ እቲ ዝላዓለ ጠመተ ክወሃቦ ዝግባእ ዕማም እዩ።

ክቡር መራሒና ብፃይ መለስ ዜናዊ ግድብ ህዳሴ ካብ ባንኪ ዓለምን ኣይ ኤም ኤፍን ናይ ምዕራባውያን ናይ ገንዘብ ትካላትን ነፃ ኾይኑ ብናይ ህዝብና ናይ ምዑቛር ዓቕሚ ንኽስራሕ ዝገበረ ነዚ ትርምስ እዚ ኣፀቢቑ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ እዩ። ሐዚ እውን ከም ብፃይ መለስ ዝበለ በሊሕ መራሒ ዝጠልበሉ ቃልስን መድረኽን ንርከብ።

## ⸸ ኣብ ግድብ ህዳሴ ዝተፈፀሙ ሸርሕታት

ናይ ህዳሴ ግድብ ዲዛይን ብኣሜሪካ ቀፂሉ በፈረንሳይ መወዳእታ ድማ ብናይ ኢራን መሃንዲሳት ከም ዝተኸለሱ ፀብፃባት ይሕብሩ። ኣብ መወዳእታ ብናይ ኢራን መሃንዲስ ከምራሕ እቲ ኢራናዊ መሃንዲስ ቤተሰቡ ሒዙ ኣብ 2003 ዓ/ም ኣብ ሊባኖስ ብዘይተፈለጠ ምኽንያት ናብ ኣዲስ ኣበባ በረራ ክትጅምር ዋንነታ ናይ ኢትዮጵያ ኣየር መንገድ ኣብ ዝኾነት ነፋሪት ሂወቱ ክሓልፍ ኪኢሉ እዩ።ብድሕሪኡ እቲ ሓላፍነት ንኢንጅኔር ስመኘው በቀለ ክዋሃብ ኪኢሉ እዩ።

## ⸸ ሜቴክን ኣባይ ግድብን

ኣብ ልምዓታዊ መንግስቲ ዝላዓለ በጀት ዝውንን መንግስቲ እዩ። እዚ በጀት እዚ ብኣግባቡ እንተዘይ ተታሒዙን ናብ ልምዓት እንተዘይ ተዋፊሩን ናብ ናይ ውልቀ ሰባት ጅባ ናይ ምእታው ዕድሉ ዝላዓለ እዩ። ነዚ ንምእላይ መንግስቲ ባዕሉ ተዋስኣይ ክኸውን ኣለዎ ነዚ ንምቁፅፃር ፖሊስን እስትራተጅን ልምዓታዊ መንግስቲ ሓልዩ ነይታ ሃገር ብዓል ዋና ኮይኑ ናብ ዝላዓለ መፍረያይነት ከሰጋግር ሓላፍነት ዝተውሃቦ ሜቴክ እዩ ።

❖ ሜቴክ -ብመምርሒ ዝተቐበሎ ሓላፍነታት ስዒብና ንርአ

1. ምስ ዋና መፍረይቲ /ናይ ቴክኖሎጂ ብዓል ዋና ስራሕ ክሰርሕ
2. ምስ ፖሊስን ስትራተጅን ዝፃባእ ፖሊሲ ዘለዎምን ኢድና ከጥምዝዙ ምስ ዝሙኩሩ ሓይልታት ዘይ ምስራሕ
3. ብዝተሓተ ወለድ ነቲ ፕሮጀክት መፈፀሚ ልቓሕ ሒዞም ምስ ዝመፁ ኩባንያታትን ሃገራትን ምስራሕ ቴክኖሎጂ ንምስግጋር ንሓይሊ ሰብና ስልጠና ምሃብ ሓዊሱ እቲ ፋብሪካ እውን በቢ ደረጅኡ ናብ ሃገርና ኣምፂኡ ከሳብ ምትካልን ስራሕ ዕድል ምፍጣርን የጠቓልል። ነዚ ረቋሒ እዚ ዘማልኡ ድማ ናይ ቻይና ኩባንያታት እዮም። ነዚ እዩ እውን መበዛሕትኡ ፕሮጀክትታት ናይ ሜቴክን ሃገርናን ምስዚኦም ዘሰርሕ ዝነበረ። እዚ



Scanned by CamScanner

ዘየተመቸዎም ምዕራባውያን እውን ንሜቴክ ይኹን ነቲ ስርዓት ካብ ምድረ ገፅ ምጥፋእ ናይ ኩሉ ግዜ ሕለሞም ኔሩ።

4. ካሊእ ሜቴክ ዝተሸከሞም ሓላፍነት ኔሩ ንሱ እውን ናይ ህዳሴ ግድብ ኤለክትሮ መካኒካል ስራሕ እዩ። እዚ ማለት እዞም ምስ ኣባይ ግድብ ዝተታሓሓዘ ጥቕሚ ዘለዎም ሃገራት እቲ ዋና ናይ ህዳሴ ግድብ ከስራሕ የብሉን ኢሎም ብሙሉእ ዓቕሞም ዝራባረብሉ እቲ ሜቴክ ዝሰርሖ ስራሕ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ሜቴክ ኣቲ ተርባይናት እንተተኺልዎ ህዳሴ ግድብ ማይ ክዓቁር እዩ ማይ እንተዓቑሩ ድማ ማንም ሓይሊ ተፅዕኖ ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ከህልዎ ኣይኽእልን። ብሚሳይል እንተወቒዐምዎ ንሱዳንን ግብፅን ሓፃፂቡ ናብ ሜዲትራንያን ባሕሪ ሒዝዎም ስለ ዝኣቱ። ብዲፕሎማሲ እውን ኢድና ክጥምዝዙ ኣይኽእሉን። ስለዚ እቲ ርበርብ ሜቴክ ምጥፋእን ኤለክትሮ መካኒካል ስራሕ ክይሰራሕን እዩ ነይሩ።

## ኣብ ሜቴክ ዝተገበረ ሸርሒ

ቅድሚ ሸውዓተ ዓመታት ማለት'ውን ብኣቋፃፅራ ኣወሮፓዋያን 2013 ሜቴክ ኣልሳም ምስ ዝብሃል ናይ ፈረንሳይ ኩባንያ ብ250 ሚልዮን ዶላር ሓደ ውዕል ኣሲሩ። ንሱ እውን እቲ ናይ ፈረንሳይ ኩባንያ ሸሞንተ ሃይድሮ ተርባይናት ሸሞንተ ጀነሬተራትን ናብ ህዳሴ ግድብ ከቕርብ ፣ ሜቴክ ነዚ ክትከል ከሎ ድማ ቴክኒካል ክትትልን ሓገዝን ክገብር ኣካል ናይቲ ስምምዕ ኮይኑ ተፈሪሙ። እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ማለት እውን ክሳብ 2016 ዓ/ፈ (ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት) ፍርቂ ግድብ ህዳሴ ሓይሊ ምፍልፋልን ማይ ምዑቋርን ከጅምር ኔሩ ማለት እዩ። ሜቴክ ምስዚ ናይ ፈረንሳይ ኩባንያ እዚ ዝፈረሞ ውዕል ቀለሙ እንተይደረቐ ዓመት ኣብ ዘይመለአ ግዜ ብኣቆፀቀፅራ ኣውሮፓውያን 2014 ዓ/ፈ እቲ ውዕል ዝፈፀመ ናይ ፈረንሳይ ኩባንያ ጀነራል ኤሌክትሪክ (GE) ብዝብሃል ናይ ኣሜሪካ ኩባንያ ዕድጊት ተፈፂሙሉ ወይ ተሸይጡ። መቸም እዙይ ታራ ኣጋጣሚ እዩ ኢሉ ዝሓስብ ሰብ ዝህሉ ኣይመስለንን። በዚ መሰረት እቲ ሜቴክ ዝሰርሖ ስራሕ ተጓቲቱ ። ጀነራል ኤሌክትሪክ ተሓቲቱ እውን ዝርዝር ናይቲ ውዕል ኣይፈልጥን ክብል ኣሉ ኢሉ። ንኣሸንዳ ቆሊፉ ዝኸደ እውን እኮ እዚ ናይ ፈረንሳይ ኩባንያ እዚ እዩ ኔሩ። እቲ ዓገብ ካብ ፖሊሲኻ ወፃኢ ምስ ምዕራባውያን ኣብ ከምዚ ዓይነት ፕሮጀክት ውዕል ምፍፃም እዩ።

ተለኣኣኺኦም ናብ ስልጣን ምስ ኣምፅኡ ድማ ሜቴክ ተኣጊዱ፣ እቲ ሜቴክ ዝሰርሖ ዝነበረ ናይ ግድብ ህዳሴ ስራሕ እዚ ጀነራል ኤሌክትሪክ (GE) ዝብሃል ናይ ኣሜሪካ ኩባንያ ተረኪብዎ። ኣብዚ ባንኪ ዓለም ኣለቂሑና ዝበሎ 1.2 ቢልዮን ዶላር ጀነራል ኤሌክትሪክ መስርሒ ክጥቀመሉ እዩ። እቲ ልዕሊ 40% ወለድ ዘለዎ ዕዳ ድማ እታ ሃገር ክትከፍሎ ዘ|ገድድ እዩ። ኣብ መጨረሻ ጀነራል ኤሌክትሪክ እቲ ቖልፊ ናይቲ ግድብ ክንበኩም ዕዳኹም ፈለማ ከፈሉ ክብል እዩ። ክኸፈል ኣይከኣልን ኣፍቲ ውሽጢ ስምምዕነት ድማ እታ ሃገር እቲ ዕዳ ክትከፍል እንድሕር ዘይክኢላ እቲ ዝሰርሖ ይወርሶ ዝብል እዩ።ዋና ዕላምኡ ድማ ናብ ዕዳ ብምእታው ነቲ ግድብ ናሃቶም ምግባር እዩ። እዚ ድማ ናይ ዕዳ ባርነት (Debt Slavery) ተባሂሉ ይፅዋዕ። በዚ መሰረት እውን ጀነራል ኤሌክትሪክ እቲ ስምምዕ ምስ ፈፀመ እታ ሃገር ናብ ምብራቕ ኣፍሪካ ትሸጦ ዝነበረት ሓይሊ



Scanned by CamScanner

ኤሌክትሪክ ኣቋሪፁ ምስ ስዑድ ዓረብን ዓረብ ኢሚሬትን ናይ ኤሌክትሪክ ሓይሊ መሸጣ ስምምዕነት ፈፂማ ዝብል ዜና ብሚድያታት ሓሊፉ። እቲ ስምምዕ ኣብ መንጎ ጀነራል ኤሌክትሪክን ኣዕራብን ዝተገበረ እዩ።ስለዚ ግድብ ህዳሴ ካብ ፅባሕ መስዋእቲ ክቡር መራሒና ብፃይ መለስ ዜናዊ ኣትሒዙ ናይ ኢትዮጵያን ህዝብታታን እንተይኮነስ ናይ ኣሜሪካ ሃፍትም እዩ። ምዕራባውያን ካብ ኣብይ ንላዕሊ ረብሐኦም ዝሕልወሎም ተለኣኣኺ ኣብ ዓለም የለን። ናይ ኢትዮጵያ መብቱ ሴሴኮ እዩ። እቲ ቁም ነገር ግን ሐዚ ኣብ ሚድያታት ብዛዕባ ግድብ ህዳሴ ዝንገር ዲስኩራት ኮነ ተባሂሉ ንተለኣኣኺኦም ናይ ሃገር ረብሓ ይሕሉ እዩ ደግፍዎ ንምባልን ካባ ሓሶት ንምድራብን ኣፍታ ሃገር ንዝተፈጠረ ቅልውላው ኣንፈቱ ናብ ትግራይ ጥራሕ ንኽዞር ዝግበር ዘሎ ሽርሒ እዩ። ኣብ ሱዳን እውን ንኣልበሽር ገልቢጦም ናሃቶም ተለኣኣኺ እዮም ኣቐሚጦም ። ሐዚ ዘሎ ናይ ሱዳን መንግስቲ ዝሰርሖ ዘሎ ፀረ ኣብይ ዝመስል ድራማ ኮነ ተባሂሉ ንመራሕቲ ህ.ወ.ሓ.ት ኣዕሺኻ እቲ ኩናት ከዛናጋዕ ንምግባር እዩ። ምኽንያቱ እንተተዛናጊዑ ናይ ማሕረስ እዋን ሓሊፉ ካብ ዝቐፅል ዓመት ንህዝቢ ትግራይ ጥይትን ወታደርን ኣየድልዮምን ብጥሜት ብዓልትና ንውዳእ።

በሊሕ መራሒና ብፃይ መለስ ዜናዊ እተን ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ካብዞም ተኹላታት ወፃኢ ገይርወን ዝነበረ እዚ ሓደጋ እዚ ስለ ዝስዕብ እዩ። ንቐድሚት ዝኾነ ህዝባዊ እየ ዝብል መራሒ እውን ክገብሮ ዝግባእ እዙይ እዩ።

## መሸጣ ናይ ልምዓት ትካላትን ልምዓታዊ መንግስትን

ልምዓታዊ መንግስቲ ንገባርን ታሕተዋይ መነባብሮ ንዘለዎም ናይ ከተማ ማሕበረሰብን ሽቃሎን ማሕበራዊ መሰረቱ ገይሩ ነተን ናይ ልምዓት ትካላት ሒዙ ነቲ ውልቀ ብዓል ሃፍቲ (Private Sector) ይመርሕ ይብል።

ኣብ ሃገርና ክሳብ ሐዚ ተወዳዳራይ ሃፍታም ኣይፈጠርናን። ግን ልምዓታዊ መንግስትና እቶም ዝፍጠሩ ዘለዉ ኣናእሽተ ዓሳታት ክሳብ ዝዓብዩ በቶም ዓበይቲ ዓሳታት ከይወሓጡ እቲ ገባርና እውን ርእሰማል ኣዋህሊሉ ናይ ንዋት ድሌቱ ንኽማለኣሉ መንግስቲ ነዘን ናይ ልምዓት ትካላት ኣብ ቁፅፅሩ ክገብር ይግባእ። ብኻልእ ኣዘራርባ ንማሕበራዊ መሰረቱ ሓፁር ኮይኑ ንረብሐኦም ጠጠው ከብል እንተኾይኑ ነዞም ናይ ልምዓት ትካላት ኣብ ኢዱ ክሕዝ እንተኽኢሉ እዩ። እዙይ እንተዘይ ገይሩ ልምዓታዊ መንግስቲ ክብሃል ኣይኽእልን። ንምንታይ ዝብል እቲ ዝስዕብ ዝርዝር ንርአ።

- ✓ ቴሌ 60% ናይ መንግስቲ በጀት ዝሸፈን ካብዚ ናይ ልምዓት ትካል እዩ። እዚ እንተተሸይጡ መንግስቲ 60% በጀቱ ይስእን ኣሎ ማለት እዩ።
- ✓ ባንኪ 30% ናይ መንግስቲ በጀት ካብዚ ትካል እዚ ይሽፈን። እዚ ትካል ንናይ ኣሜሪካ ሲቲ ባንኪ ተሸይጡ።
- ✓ ትራንስፖርት (ኣየር መንገድ) ማይ መብራህቲ እቶት 10% በጀት ይሽፈን። እዚኦም እውን እቲ ተላኣኣኺኦም ሸይጥዎ እዩ ስለዚ 100% በጀት ዝሰኣነ መንግስቲ ልምዓታዊ መንግስቲ እንተይኮነስ ርፍራፍ ኣራይ ኸልቢ እዩ።



Scanned by CamScanner

ንመንግስቲ ሰራሕተኛ ደሞዝ ክኸፍል ኣይኽእልን፣ ትምህርቲ ቤት ክኸፍት ኮነ ክሃንፅ ኣይኽእልን፣ ሕክምና ፣ማይ፣ መብራህቲ ኮታስ መሰረተ ልምዓት ክሃንፅን ክስፋሕፍሕን ኣይኽእልን።

ብዘይካ ትምህርቲ ብሳይነስን ቴክኖሎጂን ዝሰልጠነ ሓይሊ ሰብ ክህሉ ኣይሕሰብን መፃኢ ዕድል ኢትዮጵያውያን ኣ.ኣበባ ናይ ምርጋፅ ዕድል እውን ኣይህልዎምን። መሬቶም ሃፍቲ ተፈጥሮኦምን ተሓዲጎም ልክዕ ከምቲ ኣብ ናሽናል ጆኦግራፊ ምስ ናይ በረኻ እንስሳ ስጋ እንዳተማናጠሉ ዝረኣዩ ኬንያውያንን ታንዛንያውያንን ካብኦም ንላዕሊ ትሕቲ እንስሳ ዝቑፀሩ ዘሕዝኑ ፍጥረታት እዮም ክኾኑ። ኣብይ ንጉሰ ነገስት ተባሂሉ ርፍራፍ እንዳኣረየ ዝነብር ሸያጢ ሃገር ተላኣኣኺ እዩ።

ኣሜሪካ ይኹን ምዕራባውያን ነዚ ኩሉ ዝሸጠሎም ተላኣኣኺ ክስእኑ ኣይደልዩን። ኣብዚ ነካይዶ ዘለና ኲናት ብሳትላይት ኢንፎርሜሽን ብምሃብ ናይ ሰራዊትናን ኣመራርሓን ኣንፈት ብምሕባር ይኹን ብጎጉል ኤርዝን ማፕን ዝተሓዝዘ ንደባይ ውግእ ዝምቹን ዘይምቹን ገፀ መሬት ብምሕባር ካርታ ናብ ሳትላይት ሞባይል መራሕቲ ውግእ ብምስዳድ ሰራዊት ኣብይን ኢሳያስን ውሑስ ዝኾነ ምንቅስቓስ ንኽገብር ብካርታ ይሕግዙን የተሓባብሩን። እዚ ዝመርሕዎ ናይ ፔንታጎን ወታደራዊ ጀነራላት እዮም። ኣመራርሓና ንግዚኡ ሳትላይት ስልኪን ስማርት ሞባይልን ንድሕንነት ክበሃል ሒዝካ ካብ ምንቅስቓስ ክቁጠቡ ይምከር። ወይ እቲ ኲናት ብምሕፃር ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ተበታቲንካ ክሳብ ፀላእትና መሊኦም ዝቃበፁ ምቕማጥ። እቶም ዝገጠሙልና ሓይሊታት ፈሊጥና መኸተና ብኡ መጠን ክነማዓራሪ ይምከር።

## ሃይማኖት ንምንታይ ዒላማ ተገይሩ?

ከም ዝፍለጥ ፀላእትና ካብ ዘፍርሕዎም ነገራት ሓደ ሓድነትን ፍቕርን ህዝብታት እዩ። ኣብ ሃገርና መብዛሕትኡ ህዝቢ ዝኽተሎም ሃይማኖታት እስላምን ኦርተዶክስን እዮም። ብቢሄር ዘይራኸብ ብሓዲኡ ሃይማኖታት ይራኸብ እዩ። ብሃይማኖት ዝፍጠር ሓድነት ድማ ካብ ማንም ንላዕሊ ጠንካራ እዩ ብቢሄር ፅልኣት ፈጢሮም እናተናቆርና ብሃይማኖት ፍቕርን ሓድነትን ከይንምስርት ንክልቲኤን ሃይማኖት ኣብ ምጥፋእ ይርከቡ። ናይ ቀደም ወያነ ክጅምሩ ከለዉ ኣትሒዞም ኮሽ ብዝብል ቁፅሪ ዘቃፀልዎ ናይ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስትያን ወይ መስጊድ እዩ ኔሩ። እቲ ተላኣኣኺ ስልጣን ምስ ሓዘ እውን ተጠናኺሩ ቀፂሉ እዩ። ነንባዕሉ ብዝጋጮ መንገዲ እውን ተሰሪሕሉን ይስረሓሉ ኣሎን። ህዝቢ ትግራይ ጎረቤቱ ምስ ዝኾነ ህዝቢ ጎንደር ብቢሄር ቅርሕንቲ ንምፍጣር ኣብ ምዕራብ ትግራይ ካብ ጎንደር ጥራሕ እንዳምፅኡ የዋግእዎ ነይሮም። እዚ ከም ትግራይ ተነፂልና እውን ምስ ጎረቤትና ብቐፃሊ እንዳተናቆርና ንክነብር ዝገብር ስትራተጂካሊ ንዓና ብቐፃሊ ህልውናና ናብ ሓደጋ ዘእቱ ኩሉ ዓይነት ሽርሕታት ኣብ ምፍፃም ይርከቡ። ምስ ህዝቢ ኣምሓራ ዘተኣሳስረና ሃይማኖት ንምጥፋእን ናይ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ተኸተልቲ ዝኾኑ መእመናን ኮነ ኢሎም ናብ ቴሌቪዥን ብምቕራብ ፅልኣት ክሰበኽ ብምግባር ህዝቢ ትግራይ ንኽቕየምን ኣብ ህዝቢ ኣምሓራ ብዓፈና ፅልኣት ንክሕድር ብሰፊሑ ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። ስለዚ መሪሕ ውድብና ህ.ወ.ሓ.ት እዚ ሓደጋ እዚ መጨረሻ ንኩሊኡ ዝበልፅ ስለ ዝኾነ ኣብ ሰራዊትናን ህዝብናን ሰፊሕ



Scanned by CamScanner

ፖለቲካዊ ስራሕቲ ብምስራሕ ነቲ ኩነታት ከርዳእ ኣብ ምግባር ንፅባሕ ዘይብሃል ስራሕ እዩ። ብዘስከፍ ኩነታት ዋላ ኣብ ቁፅሩ ዘይንዓቕ መሪሕነት ብጭፍን ህዝቢ ናይ ምፅላእ ኣረኣእያ ኣሎ። ልክዕ ኣብ ትግራይ ባንዳ ከም ዘሎ ኣብ ካልእ እውን ባንዳ ኣሎ። ናይ ሞት ፍርዲ ተበይንሉ እውን ትግራዋይ ባንዳ ኮይኑ ኣብቶም ካልኦት ፍዝብታት ድማ ብዓልትና መልሚልና ዝሾምናዮም በላዕቲ ሰብ እዮም። ንኒ ደመቀ፣ ገዱ፣ ምስ ናይ ጂሰፓ ካብኦም ንህዝቢ ኣምሓራ -ግራግፀ-ጌርናዮም ንንለማ -ኣብይ ንህዝቢ ኦሮሞ ከበሳብሱ መንእሰይ ኦሮምያን ኣምሓራን ናይ ደገ ሓይሊታት ንኽብለፅዎምን ኣንፃር ረብሐኦምን ስርዓትናን ንከስለፉ ተጠቒሞምሎም። ብዝኾነ ንሕና ናይ ርእሲ ህንፀት ኣይገበርናን ካብ ኣሻሓት ኪሎ ሜትራት ርሕቐት መፅዮምና ናይ ደገ ሓይሊታት ፅልኣት ሰቢኾም ናይ ቀለም ወያነ ሰራዊት ፈጢሮም ሃገርና ናብዚ ትርምስ እዚ ንከእትዉዋ ከፍተት ፈጢርና ኢና። ንቕድሚት እውን እዚ ከፍተት እንተፈጢርና ከም ትግራይ እውን ኣይንድሕንን። እዚ ኩሉ ህልቂት እቲ መሪሕነት ነቲ ስርዓት ከሕልዎ ስለ ዘይኽኣለ እዩ። ብዝኾነ ይኹን መዐቀኒ ህዝቢ ከም ህዝቢ ፀላኢ ከኸውን ኣይኽእልን። ከምዚ ኣተሓሳስባ እንተሃልዩ እዩ ከፅገን ዘይኽእል ውድቀት ዘስዕብ። ስለዚ ቃታና ናብ ፀላእትና ዘነፃረ ከኸውን ኣለዎ።

## ናይ ፀላእቲ ሽርሕን ቀፃሊ ሓደጋን

ህዝቢ ትግራይ እዚ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ሓደጋ እቲ ዝላዓለ ናይ መሰል ግህሰት እዩ። ብሂዎት ናይ ምንባር መሰሉ ተሓዲጉ ናይ ሞት ፍርዲ ኣብ ርእሲኡ ተበይንሉ ይርከብ። እዚ ነካይዶ ዘለና ኩናት ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ብዓወት ምዝዛም ናይ ሞትን ሕየትን ጉዳይ እዩ። ነዚ ዘዕንቅፉ ድማ ብኡ መጠን ክንቃለስ ይግባእ። ሐዚ ፀላእትና ስልቶም እንዳቐያየሩ ነቲ ንህልውናና ነካይዶ ዘለና ኩናት መልክዑ ቀይሩ ከም ህዝቢ ንክንጠፍእ ብዘይ ዕረፍቲ ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። ሓደ ካብ ዝሰርሕሉ ዘለዉ ናይ ኩናት በሰላ ብምፍጣር እቲ ኩናት ህዝቢ ምስ ህዝቢ ከኸውን ምግባር እዩ። ዕላምኡ ድማ በቲ ዝቕፅል ነጥብታት ንርእዮ።

እቲ ኩናት ህዝቢ ምስ ህዝቢ እንተኾይኑ ንህልውናና ዝካየድ ኩናት ምኻኑ ቀርዩ መጥፊኢና ይኾን ኣሎ። ገጢሞምና ዝኣበዮም የሳኽዕዎ ኣለዉ።

ፀላእትና ዝደልይዎ ሰላምን ምርግጋዕን ከይህልወና ስሩዕ መንግስቲ መሰሪትና ከይንዓቢ ከይንለምዕ እዩ። ንሕና እንዳተጣፋእና ንሳቶም ናይ ተፈጥሮ ሃፍትና ከም ድላዮም ንምግባር እዩ። እዚ ኣብ ኮንጎን ካልኦት ናይ ዓለም ድኻታትን ተሳኺዕሎም እዩ። ኣብ ኮንጎ ልዕሊ ዓሰርተ ሚልዮን ህዝቢ ዓሰርተ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ብዘስካሕኽሕ ግፍዒ ተጨፍጪፉን ይጭፍጨፍን ኣሎ። ናይ ኣሜሪካን ኣውሮፓን ወታደራዊ ኢንዱስትሪታት ግን ኮፖርን ኮባልትን ካብ ምውሳድ ዝኣገዶም የለን። እንተዘይተቓሊስናዮ ኮንጎ ናይ ምኳን ዕድልና ዝለዓለ እዩ።

ፀላእትና ስርዓት ንምቕያር ከም ዝመፁ ግልፂ እዩ። ከግልብጥዎ ዝደልዩ ድማ እቲ ንሃገርና ናብ ለውጢ ዘሰጋገረ ህ.ወ.ሓ.ት ዝኽተሎ ናይ ልምዓታዊ መንግስቲ ፕሮግራም እዩ። እቲ ኩናት ህዝቢ ንህዝቢ እንተኾይኑ ብጀኖሳይድ ሽም ንህ.ወ.ሓ.ት ንምውቃዕ ዕድል ይረኽቡ። እዚ ኣብ



Scanned by CamScanner

ማይ ካድራ ባዕሎም ጌሮም ናብ ሽም ምጥፋእ ኣትዮም ዝነበሩ እውን ንህ.ወ.ሓ.ት ወንጂልካ ናይ ምዕራባውያን ቤት ፍርዲ ኣብ ዝኾነ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ንምኽሳስን ብኡ ኣቢልካ ነቲ ውድብ ንምጥፋእን እዩ።

መፍትሒኡ ድማ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ዝሓለወ ሰራዊትን ህዝብን ሃኒፅካ ንዕላማታትን መስመራትን ህ.ወ.ሓ.ት ከሳብ መወዳእታ ዝቃለስን መስዋእትነት ዝኸፍልን ሰራዊት ከህልዎና ምግባር እዩ።

## ጆ-ባይደን ኣብ መልሓስ ገባር ትግራይ

ናይ ውድብና ህ.ወ.ሓ.ት ማሕበራዊ መሰረት ዝኾነ ገባርና ነቲ ሐዚ ዘሎ ዕሉል ፀረ ህዝቢ ተለኣኣኺ ናብ ስልጣን ዘምፀኦት ሃገር ህዝቢ ትግራይ ከም ዘርኢ ንክጠፍእ ቀዲሳ ተላኣኣኽታ ሰዲዳ ኩናት ንዝወለዐት ሃገር ፕረዚዳንት ከም መድሕኑ ክሓስብ ከሎ ካብዚ ንላዕሊ ዘሕምም የለን። ሐዚ ዘካይድዎ ዘለዉ ኣንፃር ህውሓት ንዝፈጥርዎ ተግራዋይ ኣንጻ ህዝብና ተሪሩ ንከይቃለስ ንገባርናን ንመሪሕ ውድብናን ብስነ ልቦና ንምፍልላይ ስረሖም ጀሚሮም እዮም። ባዕሉ ብቓልሱ እንተይኮነስ ንሳልሳይ ወገን እንዳተፀበየ ቃልሱ ንኽይሕይል ዝግበር ዘሎ ሽርሒ እዩ። ባይደን ናይ ትግራይ ጉዳይ ንሰለስተ ኣዋርሕ ኣሻቂልዎ ንተለኣኣኽቱ ኣጠንቺቑዎም ኣታሓሳሲብዎም ወዘተ... ግን እዚ ኩሉ ኣቦራ ናይ ትግራዋይ ሞት ኣይኣቕረየን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዓመፅ እውን ይቕፅል ኣሎ። ነዚ ዘየትርፍ ድማ መፍትሒ ክኸውን ኣይኽእልን።

ኣብ ኩናት ኢትዮ ኤርትራ ኣሜሪካን እንግሊዝን ኣብ መራሕትና ማዕቐብ ንምግባር ዘወሰደሉም ግዜ 24 ሰዓት ጥራሕ ኔሩ። ስለዚ መፍትሒ ንምምፃእ ኣዋርሕ ክወስድ ኣይኽእልን። እቲ ሐዚ ዝገብርዎ ዘለዉ ኣብቲ ዝኣመትዎ ግዜ ክንጠፍእ ስለ ዘይከኣልና ስልቲ ቀይሮም ብምዝንጋዕ ነቲ ኩናት ተረባሪብና ንከይነሕፅሮ ግዜና ንክነጥፍእ ዝግበር ዘሎ ሽርሒ እዩ። ስለዚ እቲ መፍትሒ ነቲ ኩናት ኣሕፂርካ ህዝቢ ትግራይ ናይ ዝራእቲ ሰዓቱ ከይሓልፍ ምግባር እዩ። እዚ እንተዘይ ጌርና ፀላእትና ንዓና ንምጭራሽ ሰራዊት ኣየድልዮምን። ካብ መስከረም በጥምየት ስለ ንውዳእ እቲ ሓገዝን ረዲኤትን ዝብልዎ ንሐዚ መዐሸውን ናብቲ ንውደበሉ ዘለና ገጠር ትግራይ ኣትዮም ከተራምሱና ስለ ዝደልዩ እዩ።

## ምዕራባውያን ደገፍቲ ክምስሉ ዝራኣዩ ዘለዉ ንምንታይ?

ናይ ዓለምና ሓይሊታት ኣሰላልፋ ናይ ገምጋም ስሕተት ኣብ ኩሉ ምንቅስቃስና ሃዲድና ንክንስሕት ዝገብረና ሓደገኛ እዩ። ንምንታይ እዮም ምዕራባውያን ድሕሪ ኣዋርሕ ምፅናት ዘርኢ ኢሎሙዎ? ነቲ ንኩሉ ነገር መልዓሊ ዝኾነ ብሃገር ደረጃ ስልጣን ዝሓዘ ሓይሊ ናብ ስልጣን ዘምፀኦት ኣሜሪካ ንምንታይ ዳጋፊት መሲላ? ኣብ 2006 ዓ/ም ንኢብይ ናብ ስልጣን ዘምፅእ ናይ ቀለም ወያነን ዕግርግርን ክካየድ ከሎ ናይ ሐዚ ፕረዚዳንት ዘሎ ጆ-ባይደን ሻቡ ምክትል ፕረዚዳንት ናይ ኣሜሪካ ኔሩ። ኣብ ጎንደር ተጋሩ ንሶም ብዝሰበኽዎ ፅልኣት ተጋሩ ብቢህሮም ክቕተሉ ከለዉ ባይደን ምክትል ፕረዚዳንት ኔሩ።



Scanned by CamScanner

## ንምንታይ ሐዚ ጀኖሳይድ ኢሎምዎ?

እዚ መልሱ ጀኖሳይድ ብምባል ካሊእ ጥቅሚ ከየምልጦም ናይ ስልቲ ለውጢ ምግባሮም እዩ። እዚ ማለት ሰብ እውነት ተሰሚዕዎም ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ተሰሊፎም ኣይኮኑን። ከምቲ ዝፍለጥ ኣሜሪካ ኣብዚ ሐዚ እዋን ከም ድላያ ኣብ ዝፀለአታ ሃገር ወይ መንግስቲ ወታደራዊ ስጉምቲ ክትወስድ ኣይትኽእልን። ምኽንያቱ ቻይናን ሩስያን ጣልቃ ከኣትዋ እየን ኢላ ስለ ትሰግእ። ስለዚ ብተናፀል እውን ካብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ወፅኢ ከተካይድ ኣይትኽእልን። ስለዚ መሰለን ኣጀንድኣ ከተቕርብ እውን ብጣዕሚ ኣምሲላን ቻይናን ሩስያን ብድምፂ ናይ ምስራዝ መሰለን ተጠቒመን ስትራተጂኣ ከየጫናግፋላ እውን ብጥንቃቐ ክትዋሳእ ኣለዋ። ቅድም ኢልና ቀይሕ ባሕሪ ዓብይ ጂኦ ፖለቲካል ንሕንሕ ዝካየደሉ መድረኽ እዩ ኢልና ኔርና። ስለዚ ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ቻይና ኢራንን ሩስያን ዘለዋ ንሕንሕ ክትስዓር ኣይትደልን። ኣብይን ኢሳያስን ነዚ ኣብ ትግራይ ዝካየድ ኲናት ከሰኩንዎ ከም ዘይኽእሉ ገምጊሞም እዮም። ናይ ኢሳያስ ሰራዊት ኣብ ትግራይ ይዳዓኽ ከም ዘሎ ፈሊጦም እዮም። ስለዚ ሰራዊቱ እንተተዳዒኹ ኢሳያስ ምውዳቑ ኣይቐርዮን። ኣሜሪካ ሓደ ዘተሓሳስባ ኢሳያስ ብህወሓት ከወድቕ ኣይትደልዮን ኣብ ኤርትራ ንወያናይ ዲሞክራሲ ዝምቹ ባይታ ኣሎ። ስለዚ ስግኣቶም ኣብ ኤርትራ ንህወሓት ዝመስል ስርዓት ንኸይትከል እዩ።ኣብ ኤርትራ ናይ ኣሜሪካ ተለኣኣኺ ስልጣን ክሕዝ እዮም ዝደልዩ። ካብዚ ብምብጋስ ንኢሳያስ ብዓልቶም ከውርድዎ እዮም ዝደልዩ።

ኢሳያስ ዓሰብን ምፅዋዕን ንሩስያን ንቻይናን ወይ ንኢራን ከረክቦ እዩ ኢሎም ስለ ዝሰግኡ ከወግድዎ ኣለዎም። ቀጥታ ከወግድዎ ስለ ዘይኽእሉ እቲ ድራማ ብዝግባእ ክዋስእዎ ኣለዎም። ከም ምኽንያት ድማ ኢሳያስ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ጀኖሳይድ ፈፂሙ ዝብል ከም ምኽንያት ተጠቂሞም ከግልስዎ ስለ ዝደልዩ እዩ። ቻይናን ሩስያን ጣልቃ ከይኣትዋ ድማ ዘለዎም መማረፂ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ጀኖሳይድ ፈፂሙ ምባል እዩ።

እቲ ካልኣይ ምኽንያት ንሕና ኣብዛ ሐዚ ዘላ ዓለም ናይ ፖሊሲ ነፃነትና ሓሊና እንተዘይ ኪድና ዕቤት እንተዘይ ኣረጋጊፅናን እንተዘይ ለሚዕናን ምንባር ኣይንኽእልን። እዚ ንክንነብር ናይ ልምዓት ምሓዙት ንደሊ እና። ምዕራባውያን ንስኩም ሙቱ ንሕና ክንነብር ስለ ዝኮኑ ናይ ልምዓት ምሓዙትና ክኾኑ ኣይኽእሉን። ፈተና ፀላእና ሓንቲ ናይ ልምዓት ምሓዛና ቻይና እያ። ምስ ቻይና ምሕዝነት ፈጢርና ዘላቂ ረብሓና ክነረጋግፅ ኣሜሪካ ኣይትደልን። ቻይና ኣብ ኣፍሪካ መርገፂ መሬት ክህልዋ ስለ ዘይትደሊ ሓንቲ መርገፂት ክትከውን ትኽእል እያ ዝብልዋ ድማ ትግራይ እያ። እግረ መንገዳ ብላዕሊ ንዝርኢ ቻይናን ሩስያን እውን ኣይሓገዛናን እዩ ዝብል። ኣሜሪካ ትፃወቶ ዘላ ፀወታ እውን እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ንክትሓዝ እዩ። ኣብዘን ሃገራት እዚኣን ፅልኣት ክነሕድር እሞ ምስ እዚኣን ተፀጊዕና ድኽነት ንከይነጥፍእ እዩ። ቻይናን ሩስያን እዚ ናይ ምዕራባውያን ሸርሒ ስለ ዝፈልጥዎ እዮም ስቅታ መሪፆም ድምፂ ብድምፂ ናይ ምስዓር መሰሎም ከይጥቀሙ እውን ኣሜሪካ ኮነ ኢላ ብህዝቢ ትግራይ ሰለ ዘሳበበት እዩ።

ብሃገር ደረጃ ነቲ ተለኣኣኺኦም ክንድምስስ ስለ ዘይደልዩናን ኣብ ኤርትራ ናይ ኣሜሪካ ተለኣኣኺ ንምቕማጥን ንህውሓት ዝመስል መንግስቲ ከይህሉን እቲ ሐዚ ዝገብርዎ ዘለዉ ናይ ኣምሓራ



Scanned by CamScanner

ምልሻን ናይ ኤርትራ ሰራዊትን ካብ ትግራይ ይውፃእ ዝብልሉ ዘለዉ ምኽንያት ንዓና ኣውፂናልኩም ኢና እሞ ካብ ክልቲኡ ደምበራት ወስ ከይትብሉ ኢሎም ንክዓፅዉ ዝጥቀምሉ ዘለዉ ሜላ እዩ። ንቐፃሊ እውን ንዓና በቲን በቱይን ዓፅዮም ኣዳኺሞም ንምድምሳስ እዩ። ኣብይ ነዚ ስትርተጂካዊ ጥቕሚ ናይ ምዕራባውያን በዘይ ምርድኡ ሐዚ ኣብ ኢትዮጵያ ካሊእ ተለኣኣኺ ንምቕማጥ ንኢዜማ (ብርሃኑ ነጋ) ከም መማረፂ ኣብ ምሓዝ ይርከቡ። ጂኦ ፖለቲካሊ ትግራይ ኣብ ብጣዕሚ ጠቓሚ ቦታ ትርከብ ክልል እያ። ናይ ሻዕብያ ሰራዊት ከነውፅእ ኢሎም እውን ወይ ናይ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ሰራዊት ወይ ናይ ኔቶ ሰራዊት ናብ ትግራይ ንምእታው ክንቀሳቐሱ እዮም። እዚ ድማ ኣዝዩ ሓደገኛን ንዘላኣለም ህዝቢ ትግራይን ትግራይን ዘጥፍእ እዩ። ስለዚ ናይዚ መፍትሒ እቲ ኩናት ምሕፃርን ፀላኢ ካብ ትግራይ ብቕልጡፍ ከፀራረግ ምግባርን እዩ። እቲ ፀወታ እንተኽኢልናሉ እውን ናብ ዝልዓለ ብራኸ ዘይንበፅሐሉ መንገዲ የለን። ምንፃል ከም መፍትሒ ኣብ ዝኾነሉ እዋን እውን ብዝተኸኣለ መጠን ካርታና ናብ ድሕሪት ብምምላስ እቲ ሐዚ ናብ ዓፋር ክልል ኣትዩ ዘሎ ሓዊሱ ኣቀማምጣና ክሳብ ጅቡቲ ዝበፅሐሉ መንገዲ ምፍጣር እዩ። እቲ ናይ ፖታሽ ሃፍቲ እውን ናይ ዓለም ቀልቢ ስለ ዝስሕብ ካርታና ንዕኡ ኣብ ግምት ዘእተወን ተደራዳራይነትና ዘዕቢ ክኾን ኣለዎ። ብኡ ኣቢልና እውን ሶማሌ ክልል ብምቁፃር እቲ ምዕራባውያን ዝደልይዎ ናይ ጋዝ ሃፍቲ ኣብ ቁፅፅርና ብምእታው (ንዓና ዝመስል ሓይሊ ብምትካል) ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሓይሊ መውፅእን መእተውን ብምኽላእ ተደላይነትና ምዕባይ እዩ።

ብኣምሓራ ክልል እውን እቲ ዝዋስነና ናይ ጎንደር ከባቢ ብቅማንት ክትሓዝ ብምግባር ናብ ቤንሻንጉል ክልል ዝሕልፈና ኮሪደር ብምፅራግ ግድብ ህ-:ሴ ብምቁፃር ናይ ምድርዳር ዓቕምና ብምውሳኽ ናይ ምዕራብ ይኹን ናይ ምብራቕ ሓይሊታት ኣብ ዙርያና ክዓስሉ ብምግባር ኣብ ዓለም ሓያላት ኮይንና ናይ ምቕፃል ዕድልና ክነረጋግፅ ይግባእ። ስለዚ ነዚ ንምፍፃም ወታደራዊ ሓይልን ናይ ቁጠባ ሉኣላዊነትን ክንውንን ይግባእ። ናይ ቁጠባ ሉኣላዊነትና ነረጋግፆ ድማ እቲ ሒዝናዮ ዝመፃና ናይ ልምዓታዊ መንግስቲ ፕሮግራም ምኽታል እንኮ መማረፂ እዩ።

## ዩ-ኤስ ኤይድን ዝመርሖም ኤንጅኦታትን

ዩ-ኤስ ኤይድ ናይ ሲኣይ ኤ ግልባጥ ሳንቲም ተባሂሉ ዝፅዋዕ ናይ ኣሜሪካ ወፃኢ ጉዳይ ፖሊሲ መፈፀሚ እዩ። ናይዚ ዋና ስራሕ ብረዲኤት ሽም ናይ ኣሜሪካ ሃፋትም ጥቕሚ ንዘይሕልዉ መንግስታት ይኹኑ ውልቀ ሰባት ብዝተፈላለየ መንገዲ ዘግልስ ዝግልብጥ ናይ ግብረ ሰናይ ሽም ዝሓዘ ውድብ እዩ። ናይ ቀለም ወያነ ኣብ ዘካይዱለን ሃገራት ነቲ ዕግርግር ዝመርሑ ሰባት ምስ ሲ ኣይ ኤ ኮይኑ ይምልምል፣ የስልጥን ሰራሕተኛታተይ እዮም ኢሉ ፍሉይ ስልጠና ዝተውሃቦም ቀንፀልቲ የንቀሳቕስን ይመርሕን። ንመንግስታት መገልበጢ ዝውዕል ገንዘብ ሕጋዊ ኣምሲሉ የእቱ። ናይ ረዲኤት ኣቑሑት ኣምሲሉ መሳርሒ ኩናትን ካልኦት ብሕጊ ዝተኸልከሉ መርዛም ጋዛትን የእቱ የንቀሳቕስ። ባዮሎጂካል ኩናት ዘካይድሎም መድሓኒትን ክትባትን የእቱ። ስለዚ እቲ በዚ ናይ ረዲኤት ትካል እዚ ዝውሃብ ሓገዝ ምስ ንደርሆ መትሐዚ ዝወሃብ ጥረ ይመሳሰል እዩ። ነዚ እዩ እውን ጠንካራ መራሕቲ ኣብ ዘለዉዎን ዝተዓደላ ሃገራትን ህዝብታትን ኣብ ሰላም ግዜ



Scanned by CamScanner

እኟ ኩለን ሃገራት ዘለወኦ ዓለም ለኸ ቀይሕ መስቀል ጥራሕ ንክኣቱ ዝገብራ። ንሕና እውን ረዲኤት የድልዮ እዩ እንተይልና ኩለን ሃገራት ዘለወኦ ዓለም ለኸ ቀይሕ መስቀል ይእተወልና ኢልና ድምፅና ክነስምዕ ኣለና። ከምዚ ክንብል እውን ኣብ ኲናት ስለ ዘለና ውሑስ ዝኾውን ቀይሕ መስቀል እንድሕር ኮይኑ እዩ።

## ዩ-ኤስ ኤይድ ኣብ ትግራይ

ሐዚ ሐዚ 80% ህዝቢ ትግራይ ረዲኤት ኣይረኸበን ዝብል ፕሮፖጋንዳታት በዞም ናይ ግብረ ሰናይ ካባ ዝተኸደኑ ተኲላታት ብተደጋጋሚ ይስማዕ ኣሎ። እቲ 20% ኸ ተረዲኡ ዶ? ብኻሊእ ዜና ድማ ብልፅግና ኣብ ዝተቆፃፀረን ከተማታት ትግራይ ዘለዉ ተዓቆብቲ እቶም ህፃናት ብሕፅረት ምግቢ ተጠቒዖም ዝብል እዩ። ነዚኦም ዳኣ ዘይሕግዙ? ንምንታይ እዮም ናብ 80% ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ኣነፃፂሮም?

ከም ዝፍለጥ እቲ ሐዚ ከም ድፋዕና ደጀና መሰልጠኒና ንጥቀመሉ ዘለና ቦታ እቲ 80% ገባርና ዝነብረሉ ገጠራት ትግራይ እዩ። እቲ ዕላማ እውን ንረዲኤት እንተይኮነስ ኣብ ደጀና ኣትዮም ብኣብይን ኢሳያስን ክፍፅምዎ ዘይክኣሉ ትርምስን ህዝብና ከፋፊሎም ተለኣኣኺን ኣንጻን ናይ ምፍጣር ኣጀንዳ ንምስኻዕ እዩ።

እሞ “ከልብስያ እዝኑ ቆሪፆም እንትሃብዎስ ዘሕርጎትዎ ይመስሎ” ዝብል ምስላ ወለድና ፈ.ነማኢት ኩንታላት ኣእኻል ናይ ሚልዮናት ጥሪት ካብ ህዝብና ብምዝራፍ ኮነ ኢሉ ኦ.ነሞዩ ክንበርክኽ ዝደሊ ሓይሊ ሐዚ ረድኣይ ክኸውን ኣይኽእልን። ንሕና እውን ናይ ህዝቢ ትግራይ ፀገም ንፈትሖ ብስም ረዲኤት ኣትዩ ዘተረማምሰና ሓይሊ ብምእታው እንተይኮነስ እታ ኲናት ኣሕፂርና ናብ ልምዓቱ ክምለስ ብምግባር እዩ። እቲ ብጥይትን ጠበንጃን ዘይተሳኸዐሎም ንዓና ካብ ምድረ ገፅ ናይ ምጥፋእ ኣጀንደኦም ንምስኻዕ እውን ኣብዚ ሐዚ እዋን ብዩ-ኢስ ኤይድ ዝተፈላለዩ ክትባታት ናብ ትግራይ ብዘይ ምቁራፅ ኣብ ምእታው ይርከቡ። እዚ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ግልፂ ክኾን ዘለዎ ክልኒካት ንዘፍረሰ ሓይሊ መድሓኒታት ንዘቃፀለ ነብሰፁር ኣዴታት ሕክምና ከይረኽባ ዝገበረ ኮታስ ንህዝቢ ትግራይ ሞት ዝፈረደ ሓይሊ ሐዚ ብክትባት ንህዝቢ ትግራይ ከድሕን ይንቀሳቐስ ኣሎ ኢሉ ዝሓስብ እንተሃልዩ ኣሽምባይዶ ከም ሰብ ከም እንስሳ እውን ዝሓስብ ኣይኮነን ማለት እዩ። ዳርት ዝብሃል እውን ኣካል ናይ ዩ-ኤስ ኤይድ እዩ። Dart (Disaster assessment response team) ዝብሃል ወታደራዊ ክንፊ ኮይኑ ናብ ትግራይ ንምእታው ብሱዳን ኣቢሉ ኣብ ምድላው ዝርከብን ማንም ወታደር ኣብ ቅድመይ ከፀንሕ የብሉን ዝብል እዩ። እዚ ንሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ እውን ሓቂዩሱ እዩ። እዚ ማለት ቀጥታ ናብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምእታውን ብተለኣኣኽቶም ዘይተሳኸዐሎም ንዓና ናይ ምንፃት ዕላማ ብዓልቶም ቀጥታ ኣትዮም ባዕሎም ንምፍፃም እዩ። እቲ ሰላም ዝብልዎ ዘለዉ እውን ብሽም ረዲኤት ክንህብ ኲናት ጠጠው ይበል ዝብልዎ ዘለዉ እውን መሬትና መሊእና ሓራ እንተይኣውፃእና እቲ ኲናት ጠጠው ክብል እሞ ብሃገር ደረጃ ዘሎ ተላኣኣኺኦም ከይንድምሰሰሎምን እቲ ዝረኸብዎ ጥቕሚ ካብ ምንጋኦም



Scanned by CamScanner

ከይነሕድጎምን ኣብ ትግራይ ተሓቢርና ክንተረማመስ እሞ ከም ህዝቢ እውን ናብ ዘይንነብረሉ መንገዲ ንኸንኣቱ እዩ።

## ሐዚ ንዘጋጠመና ሽግር ምንፃል መፍትሒ ድዩ?

መቸም 27 ዓመታት ዶ ይበዝሕስ 3[+] ዓመታት እንተዝብሃል 3[+] ዓመታት ይበዝሕ ዝብል መልሲ ውሑድ ዝኸውን ኣይመስለንን። ቁፅሮም ብዝሕ ዝበሉ ሰባት ነቲ ሐዚ ገጢሙና ዘሎ ፀበባ ኣብ ኢትዮጵያ ስለ ዘለና እዩ ዝብል ርኢቶ ይህቡ እዮም። ኮይኑ ግን 27 ዓመታት እታ ሃገር ይኹን ክልልና ኣብ ኣዝዩ ሰላምን ምርግጋፅን ካብ ዓለምና ካብ ህንዲን ቻይናን ቀፂላ ኣብ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕቤት ካብ ዝነበራ ሃገራት ተርታ ትስለፍ ዝነበረት ሃገር እያ ኔራ። ንዝኾነ ይኹን ሰላምን ኩናትን ከህሉ ዝገብር ቅርፀ መሬት እንተይኮነስ ስርዓት እዩ። ሓድነት ዘምፅእ ኮነ ዝበታትን ስርዓት እምበር ከም ሃገር ስለ ዝነበርና ኣይኮነን። ኣብ ሃገርና ዝተርኣዩ ኩናታት መሰል ምግሃስ ህዝቢታትን ስርዓት ብምብልሻዉን ዝመፁ ሽግራት እዮም።

ገጢሙና ዘሎ ሽግር ኣብ ኢትዮጵያ ስለ ዘለና ድዩ? ኣብ ትግራይ ኮይንና ኸ እቶም ፀላእትና ይገድፉና ዶ? ፀላእትና ትማሊ እውን ኔሮም ሎሚ ኮነ ፅባሕ ክፍተት እንተረኺቦም ኣሸንባይ ኣብ ገዛፍ መሬት ትግራይ ናብ ቋቁራ እንተንእቱ እውን ኣይክገድፉናን። ስለዚ መንቀሊ ናይቲ ሽግር እንተዘይ ፈሊጥናን መፍትሒ እንተዘይ ኣቐሚጥናን ከም ትግራይ ተነፂልና እውን ኣይነምልጥን። ፀላእትና ናይ ኩሉ ግዜ ሕልሞም ትግራይ ዘይብላ ኢትዮጵያ ምርኣይ እዩ። ንዝተነፀለት ትግራይ እውን ከመይ ጌሮም ከም ዘጥፍእዋ ትልሚ ስለ ዘለዎም። ንምንፃል ክንሓስብ ከለና ሰላማን ምርግጋዓን ዝተሓለወ ዕቤታ ዘረጋገፀት ድምፂ ጥይት ዘይስመዐላ ንዜጋታታ ዝተመቸወት ትግራይ ክትከውን ኣለዋ። ከምዚ ዝበለት ትግራይ ንምፍጣር ድማ ኣወፃፅኣና ከነዕሪ ኣለና። ዝተነፀለ ንምውቃዕ ሐዚ ብጣዕሚ ቀሊል እዩ። ነተን ጎረባብቲ ኣባል ኔቶ ምግባር ጥራሕ እዩ። ነዚ እየ እውን ምስ ቀረባ ጎረባብትና ኣምሓራ ክልልን ኤርትራን ብኩናት ቅርሕንቲ ንምፍጣርን ኣብ ዘላኣለማዊ ጎንፂ ከእትዉና ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ። እዚ ካብ ቅንፀላ ነባር መማሓደርቲ ኣምሓራ ክልል ዝነበሩ ዝጀመረ ኮይኑ ሐዚ እውን ዝቕፅል ዘሎን እዩ። ናይ ጎረባብትና ኣባል ኔቶ ምኻን መዘዙ ሰላም ዝብሃል የለን ኮሸ ብዝበለ ቁፅሪ ንኣሜሪካ ሓዊሱ ኩለን ኣባላት ኔቶ ኣብ ርእሴኻ ንምዝናብ ሕጋዊ ሽፋን ይረኽባ። ክንፀል እንተኾይንና እውን ብስሚዒት እንተይኮነስ ስትራተጂክ ረብሓና ብዘረጋግፀልና መንገዲ እዩ ክኸውን ዘለዎ። ነዚ ንምግባር ፀላእትና ኣብ ዘለውዎ ከይድና ምድምሳስ ግድን ይኸውን።

## ኣሜሪካን ዲሞክራሲን

ከምቲ ኩሉ ዝፈልጦ ጆ-ባይደን ዝብል ናይ ኣሜሪካ ፕረዚደንት ሽም ብዘስክፍ መልክዕ ኣብ ኣፍ ገባር ትግራይ ይስማዕ። ኣዕርዩ ዘትሓሳስብ ድማ ኣብቲ ድሓን ፊደል ቆፂሩ ዝብሃልን ላዕለዋይ ካድረን ዘሎ ደንገርገር እዩ። እቲ ደንገርገር ከምቲ ኣብ ናይ ሃሊዉድ ፊልምታት ዝሪኦ ኣብ ኣሜሪካ ዲሞክራሲ ኣሎ ዝተፈላለዩ ፓርትታት ኣለዉ ኢሉ ስለ ዝሓስብ እዩ። ካብ መሰረተ ሓሳብን



Scanned by CamScanner

ትርጉምን ናይ ዲሞክራሲ ክንብገስ ከለና ዲሞክራሲ ማለት ናይ ብዙሓት ኩለ መዳይ ተጠቃምነት ዘረጋግፅ ሕጊን ስርዓትን እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ኣሜሪካ ነዚ መሰረተ ሓሳብ ናይ ዲሞክራሲ ዘማልእ ስርዓት የለን። ምኽንያቱ ኣብ ኣሜሪካ ናይቲ ስርዓት ተጠቀምቲ ኣዝዮም ውሑዳት ሃፋትም እዮም። ኣብ ኣሜሪካ ዘለዉ ፓርትታት ብላዕሎም ክልተ ዝተፈላለዩ ፓርትታት ዘለዉ እዩ ዝመስል። ሽምም እውን ሪፓብሊካንን ዲሞክራትን ዝብል ክልተ መፀውዒ ኣለዎም።

ቅድሚ ናብ ሓተታ ምእታውና ግን ሓደ ፓርቲ ካብ ካሊእ ፓርቲ ይፍለ እዩ ንምባል እንተንኣሰ ክልተ ረቋሕታት ከማልእ ኣለዎ። ንሳቶም እውን

ናይ ማሕበራዊ መሰረት ኣፈላላይ ክህልዎም ኣለዎ።

ናይ ፖሊሲ ኣፈላላይ ክህልዎም ኣለዎ።

ክልቲኦም ናይ ኣሜሪካ ፓርትታት ነዞም ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮም ረቋሕታት ኣየማልኡን። ናይ ማሕበራዊ መሰረት ኣፈላላይ የብሎምን። ክልቲኦም ማሕበራዊ መሰረቶም እቶም ቁሩብ ሃፋትም ኣሜሪካውያን እዮም። ካልኣይ ናይ ፖሊሲ ኣፈላላይ ዝብሃል የብሎምን።

እቲ ሓቂ ኣብ ኣሜሪካ ተቓዋሚ ፓርቲ ዝብሃል የለን። ተቓዋሚ ሚዲያ እውን የለን። ኩሉ ሚዲያታት ናይ ፀጥታ ሓይሊ ቤት ፍርዲ ናይ ልምዓት ትካላት ፖሊስ መከላከያ ናይዞም ሃፋትም እዮም። ዝተመረፀ ፕረዚዳንት እውን ናይዚኦም ዋርድያን መገልገልን እዩ። ስለዚ ባይደን ካብ ትራምፕ ዝተፈለየ ቅዋም ክህልዎ ኣይኽእልን። ናብ ሓደ ሽቶ ንምብፃሕ ግን ስልትታቶም ይቕይሩ እዮም። እቲ ንሪኦ ዘለና እውን ናይ ስልቲ ለውጢ እዩ።

### አሜሪካን ግብረ ራዕድን

ግብረ ራዕዲ ክልዓል ከሎ መብዛሕትኡ ጊዜ ብፍላይ ኣብ ኣመራርሓና ናይ ኣሜሪካ ሽም ይልዓል እዩ። ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ብፍላይ ምስ ሶማልያ ተታሓሒዙ ምሳና (ምስ ኢትዮጵያ) ምስ ዘለዋ ርክብ ዝቐርብ ሓሳብ ኣሎ። መብዛሕትኡ ግዜ እውን ኣሜሪካ ዝተበታተነት ኢትዮጵያ ክትርኢ ኣይትደልን ምስ ዝብልን ከም ምኽንያት ዝቐርብ እዩ። ልዕል ኢልና ምስ ሩባ ኣባይ ብዝተትሓሓዘ እብዚ ተፋሰሰ ንዝርከባ ሃገራት ናብ ኣናእሽትን ዓርሰን ምክልኻል ናብ ዘይኽእላሉ ደረጃ ምብትታን ከም ሓደ ዓብይ ፕሮጀክት ይሰርሕሉ ከም ዘለዉ ናይ ሱዳንን ኢትዮጵያን ከም ኣብነት ጌርና ጠቒስና ኢና።

ኣሜሪካ ፀረ-ራዕዲ ኮይና ኣይትፈልጥን። ግብረ ራዕዲ ከም መሳርሒ ብምጥቃም ጂኦፖለቲካሊ ጠቐምቲ ዝኾኑ ቦታታት ንምቁፅፃር ትጥቀመሉ ሃገር እያ።

ኣልቃይዳ ብናይ ስዑድ ዓርብ ንጉሳዊ ቤተሰብን ብናይ ኣሜሪካ ሲኣይ ኤን ብኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ኣብ 1979 ኣብ ኣፍጋኒስታን ኮይኑ ንኢራንን ንሶቬት ሕብረትን ከተረማምስ ኣሰልጢኖም ዝልኣኽዎ እዩ።ብፀረ ራዕዲ ምኽንያት እውን ወታደራት ከሳብ ሐዚ ኣፍቲ ቦታ ኣስፊራ ትርከብ።ኣብ ሶማልያ እውን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ንዘለዋ ጂኦ ፖለቲካል ንሕንሕ ብፀረ-ሽበራ



Scanned by CamScanner

ሽም ተቆፃፂራቶ ትርከብ።ናይ ኣውሮፓን ኤሽያን መራኸብቲ እዮም ዝብሃሉ ዒራቕ ኣፍጋኒስታን ሶርያ ኢራን እውን ኣካል ናይዚ እዮም። ነዚ እዩ እውን ቕድሚ ክልተ ዓመታት ዝተቐንፀለ ናይ ኢራን ጀነራል ብፀረ-ግብረ ራዕዲ ቃልሲ ዝፍለጥ እዩ ኔሩ።ኣሜሪካ ኣብዚ ቦታ እዚ ሰላም ክህሉ ስለዘይትደሊ እቲ ኢራናዊ ጀነራል ብዒራቕ ሽምግልና ምስ ናይ ስዑድ ዓረብ ንጉሳዊ ቤተሰብ ንኢራን ወኪሉ ልዝብ ከገብር ናብ ባግዳድ ምዕርፎ ነፈርቲ ምስ በፀሐ እዩ ብናይ ኣሜሪካ ሮኬት ተቐቲሉ። ኣባና እውን ካብ ጀነራል ኣብርሃ ኳርተር ጀሚሩ ክሳብ ንብፃይ ጌታቸው ኣሰፋ ምስዳድ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ሰላም ከውሕሱ እዮም ዝብሃሉ ውልቀ ሰባት ሃዲኖምን ይሃድኑን ኣለዉ። ናይ ቻይናን ናይ ንግዲ መስመር (silk road) ይሓልፈሉ'ም እዩ ዝብሃሉ ቦታታት እውን ካብዚ ወፃኢ ኣይኮኑን።ስለዚ ኣሜሪካ ግብረ ራዕዲ ፈጢራ ጂኦ ፖለቲካል ጥቕሚ ንምሕላው ከም መሳርሒ ትጥቀም ሃገር እያ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ሃገርና እውን ኣብ ሶማሌ ክልል ኣልሸባብ ኣእትያ ብፀረ-ሽበራ ሽም ወታሃደራት ብምእታው ኣፍቲ ክልል ዝርከብ ናይ ጋዝ ሃፍቲ ብሶማሊ ላንድ ኣቢላ ንምውሳድን ኣብ መንጎ ጅቡተን ኢትዮጵያን ዘሎ መስመር ንምቁፅፃር ኣብ ምንቅስቓስ ትርከብ። እዚ ምኽንያቱ ቻይና ኣብ ጅቡቲ ስለ ዘላ። ኣብ ትግራይ እውን ዳርት ዝብሃል ናይ ኣሜሪካ ወታደራዊ ሓይሊ ንምእታው ኣብ ምድላው ይርከብ። እዚ ሓይሊ እዚ ንሓይሊታት ምክልኻል ትግራይ ሓዊሱ ማንም ወታደር ኣብ ቅድመይ ክፀንሕ የብሉን እዩ ዝብል። እዛ ምኽንያት እዚኣ ተጠቒሞም ካብ ምእታው ወፃኢ ካሊእ መማረፂ የብሎምን። ግብረ ራዕዲ ኣብ ትግራይ ክህሉ ስለ ዘይኽእል። እዚ ድማ ዝተኸፈለ መስዋእትነት ተኸፊሉ ዓርስና ነፃ ካብ ምውፃእ ወፃኢ ካልእ መማረፂ የብልናን። ምኽንያቱ እዚ ሓይሊ እዚ ሞት ዝፈረደልና ሓይሊ ስለ ዝኾነ ጭይትና ነፃነትና ከነረጋግፅን ትግራይ ክነድሕንን ኣለና። ብዲፕሎማሲ ናብ ኢራንን ሩስያን ምፅጋዕ ናይ ግድን እዩ።

## ናይ ምዕራባውያን ናይ ቁጠባ ቅልውላውን ኣብ ዓለምና ዝመፀ ለውጥን

ድሕሪ 2000 ዓ/ም ብኣቆፃፅራና ኣብ ኣሜሪካን ምዕራብ ኣውሮፓን ዘጋጠመ ቁጠባዊ ቅልውላው ባንክታተን ምስ ማእኸላይ ባንኪ ናይ ምዕራባውያን ምትእስሳር ዘለወን ሃገራት ዓለም እውን ናይዚ ተጎዳእቲ ነይረን። ምስዚ ተታሓሒዙ ዝመፀ ናይ ወርቂ ዋጋ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ብሓይሊ ምንሃር ተራእዩ። ምኽንያቱ ድማ ምስዚ ቅልውላው እዚ ተታሓሒዙ ናይ ዶላር ዋጋ ኣብ ርእሲ ምቕናሱ ኣሜሪካ ኣብ ዶላር ምሕታም (Flat money) ዝተንጠልጠለ ህልውና ንኸህልዋ ዘገደደ ኩነታት ተፈጢሩ። በዚ መሰረት ድማ ትሪልዮናት ዶላራት ተሓቲሙ ናብ ባንኪ ዓለምን ትካል ገንዘብ ዓለምን (Imf)ናብ ናይ ምዕራባውያን ፋይናንሻል ትካላትን ኮርፖሬታትን ምውሓዝ ጀሚሩ። ንቻይናን ሩስያን ሓዊሱ እዚ ዘተሓሳሰበን ቁጠበአን ኣብ ምዕባይ ዝነበራ ሃገራት ዓለም እውን ንወርቂ ከም መማረፂ ሸርፊ ወፃኢ ብምውሳድ ወርቂ ብገፍዒ ናብ ምችብቻብ ኣትየን። እዚ ቅልውላው እዚ ቀፃሊ ናይ ኣሜሪካን ምዕራብ ኣውሮፓን ቁጠባ እንዳንቆልቆለ ብፍላይ ቁጠባ ኣሜሪካ ባይታ ዘቢጡ እታ ሃገር ኣብ ዓመት ሓደ ትርልዮን ዕዳ እንዳተሸከመት ክሳብ ዝሓለፈ ዓመት (2020 ዓ.ፈ) ካብ ዓመታዊ እቶታ 150% ዕዳ ዝተፅዓና ሃገር ክትከውን ክኢላ እያ። እዛ ሃገር ብዕዳ ምናልባት ካብ ዓለምና ቀዳመይቲ ብዓልቲ ዕዳ እንተይኮነት ኣይትተርፍን (ናይ ሐዚ



Scanned by CamScanner

ጃፓን ኢንፎርሜሽን የብለይን) እዚ ዕዳ እዚ ንምኽፋል ዝወስደላ ግዜ ድማ ልዕሊ 500 ሚልዮን ዓመታት እዩ። እዚ ዝኣክል ዕዳ ዝተሸከመት ሃገር ዶላራ ዓለም ለኸ ሸርፊ ወፃኢ ናይ ምኳን ዕድሉ እንዳብቀዐ ዝመፀሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ይርከብ። ነዚ ውድቀት እዚ ኣሜሪካ ኢዳን እግራን ዓፃፂፉ ከትሪአ ኣይከኣለትን ቀፂሉ ምስ ዶላር ዝተትሓሓዘ ኩናት ዝተኸፈተለን ወይ ዶላር ኣብ ባንክና ኣይነቕምጥን ምስ በላ ቦንብ ኣብ ርእሲአን ዝተደርበየለን ሃገራት ንርአ።

**ዒራቕ**:- ብኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ብ2000 ናይ ዒራቕ ፕረዚደንት ነበር ሳዳም ሑሴን ናይ ፀላእየይ ቅርሺ መተዓዳደፊ ኣይገብርን ምስ በለ ድሕሪ 3ተ ዓመታት ኣብ 2003 ዓ.ፈ ኣብ ዒራቕ ዝበፀሐ ከምቲ ዝራኣናዮ እዩ።

**ሶርያ**:- ኣሜሪካ ኣብ ሶርያ ተላኣኣኺአ ንምቕማጥ ካብ 1949 ዓ.ፈ ክሳብ 2011 ዓ.ፈ (ክሳብ ናይ ሶርያ ኩናት) ሞኪራን ትሙክር ኣላን። ድሕረ ታሪኹ ናይ ኣሜሪካ ዝሕለባ ኣላሕም ዝብሃላ ናይ ማእኸላይ ምብራቕ ሃገራት ብፍላይ ስዑድ ዓረብ ነዳዲኣ ትሸጠሉ ዕዳጋ ንኣሜሪካ የትሓሳስባ እዩ። ካብቶም ዋናታት ዕዳጋ ሓደ ድማ ናይ ኣውሮፓ ዕዳጋ እዩ። ስለዚ ኣብ ኣውሮፓ ሩስያ እንተይኮነትስ ስዑድ ዓረብ እያ ነዳዲኣ ከትሸይጥ ዘለዋ። እዚ ክትገብር ሓደገኛ ዝኾነ ናይ ባሕሪ ጉዕዞ ብዝገብራ መራኸብ ኣብ መዓልቲ ሓሙሽተ ሚልዮን በርሚል ጥራሕ እንተይኮነስ ከምቲ ናይ ሩስያ ካብ ስዑድ ዓረብ ናብ ኣውሮፓ ትቦ ክዝርጋሕ ኣለዎ። እቲ ትቦ ንምዝርጋሕ ዝምቹ ድማ ብሶርያ ልሳነ ምድሪ እዩ። ነዚ ንምግባር ኣብ ሶርያ ናይ ኣሜሪካን ናይ ስዑድ ዓረብን ተለኣኣኺ መንግስቲ ክህሉ ኣለዎ። ነዚ እዩ እውን በቲ ሓደ ገፅ ኣሜሪካ ምስ ኣዕራብ ሓሻኽራን እስራኤልን ኮይና በቲ ሓደ ገፅ ድማ ሩስያ ምስ መንግስቲ ሶርያ ኮይና እቲ ኩናት ዘካይድኦ ዘለዋን ገበራን። ናይ ስዑድ ዓረብ ነዳዲ ዕዳጋ ረኺቡ ኣሜሪካ ጅቡኣ ንኽትመልእ ተባሂሉ ሚልዮናት ሶርያውያን ዝሳቐይሉን ዝሞትሉን ኩናት ዝካየድ ዘሎ። ኣብ 2006 ዓ.ፈ እውን ናይ ሶርያ መንግስቲ ዶላር ኣብ ባንከይ ኣየቕምጥን ኢሉ ኔሩ። ናይ የመን ኩናት እውን ሓሸከር ንምትካልን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ንዘለዎም ጂኦ ፖለቲካል ንሕንሕ ንምርጋፅ ናይዞም ሓይሊታት እዚኦም ጥቕሚ ንምሕላውን እዩ።

**ሊብያ**:- ኣብ 2011 ብኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ናይ ሊብያ መራሒ ነበር ጋዳፊ ብወርቂ ዝትሓዝ ዲናር መተዓዳደፊ ንግበር ኢሉ ናብ ኣፍሪካ ሃገራት ፕሮፖዛል ምስ ኣቕረበ ኣብ ሊብያ ዝበፀሐ ንዝክሮ ኢና።

ብተለምዶ ብሪክስ (Brics) ዝብሃላ ማለት እውን ብራዚል፣ ሩስያ ቻይና ህንድን ደቡብ ኣፍሪካን እውን እዚ ናይ ዶላር ምውዳቕን ብትሪልዮናት ዝሕተም ዘሎ ዋጋ ዘይብሉ ዶላርን ኣሜሪካ ንባንኪ ዓለምን ኣይ ኤም ኤፍን ሒዛ ዋጋ ብዘይብሉ ወረቐት ወይ ዶላር ናይ ዓለም ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ንምቁፅፃር ትገብሮ ዝነበረት ምንቅስቓስ ሰለ ዘተሓሳሰበን ሓደ ነገር ንግበር ኢለን ኣብ 2014 ዓ.ፈ ዋዕላ ጌረን። ንሱ እውን ንባንኪ ዓለምን ንኣይ ኤም ኤፍን ዝትክኡ ናይ ባዕሎም ፋይናንሻል ኢንስቲትዩሽናት ንምፍጣር ዝብል ኔሩ። ኣብ 2015 ዓ.ፈ ድማ ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ ሓደ ባንኪ ኣብ



Scanned by CamScanner

ሻንሃይ ቻይና ሃገርና እውን ኣባል ዝኾነትሉ ሓደ ናይ ልምዓት ባንኪ መስሪቶም። ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ማለት እውን ኣብ 2016 ዓ.ፈ ነቲ ንብራዚል ናይ ዓለምና ሻብዓይ ዝዓበየ ቁጠባ ክትውንን ዝገበራ ውድብ ዕልዋ መንግስቲ ተጌርሉ። ኣብ ሩስያን ቻይናን ዝተገበረ ሽርሕታት እውን ቀሊል ኣይነበረን።

ኣብ ሃገርና እውን ነቲ ሐዚ ዘሎ ተላኣኣኺ ናብ ስልጣን ንምምፃእ ናይ ቀለም ወያነን ዕግርግርን ኣብቲ እዋን እቲ እዩ ኔሩ። ብዘይካ ዒራቕ ካብ የመን ጀሚሩ ክሳብ ሶርያ ዝነበራ ውግኣት ኣብ ኣሜሪካ ስልጣን ሒዙ ዝነበረ ዲሞክራቲክ ፓርቲ ኢሉ ዓርሱ ዝፅውዕ እዩ። እቲ ሐዚ ፕረዚደንት ዘሎ ባይደን ሻቡ ምክትል ፕረዚደንት ኔሩ። እዚ ንምልዓል ንግደድ ዘለና ኣብ ሓደ ሓደ ኣመራርሓ ደንገርገር ስለ ዘሎ እዩ። ደንገርገር እንተሃልዩ ድማ ናብ መቓብር ዘእቱ ሓደጋ ስለ ዘስዕብ እዩ። ኣሜሪካ ኣብ ጥቕማ ዝቀያየር ቅዋም የብላን። ምሳና ከፊተምዎ ዘለዉ ኲናት ንዓና ክሳብ ተጥፍእ ስልቲ እምበር ቅዋሞምን እስትራተጂኦምን ኣይቕይሩን። ካብዚ ብምብጋስ እውን ብዩ-ኤስ ኤይድ ዝምራሕ ሰፊሕ ናይ ክትባት ዘመተ ኣብ ትግራይ ዕድመ እንተይፈለየ ብዘይካ ትሕቲ ሓደ ዓመት ህፃናት ንኹሉ ንኽኽትቡ ብናይ ብልፅግና ሚድያታት ኣብ ምፍላጥ ይርከቡ። ካብ ሰነ ሰለስተ 2013 ዓ.ም ከም ዝጅምሩ እውን ኣብ ምፍላጥ ይርከቡ። እዚ እቲ ብኣብይን ኢሳያስን ብጥይት ከንፅቱና ዘይተሳኽዖሎም ኣጀንዳ ብባይሎጂካል ውግእ ንምስዓርን ንዓና ንምጥፋእን ኣብ ምሽብሻብ ይርከቡ። ስለዚ ኣዚ ደንገርገር እዚ ናይ ኣሰላልፋ ደንገርገር ፈጢሩ ከጥፍእና ይኽእል እዩ።

ገለ ገሊኡ ናይ ዩናይትድ ዓረብ ኢሜሬት ስዑድ ዓረብ እስራኤልን ግብፅን ም(: ኣሜሪካ ብጣዕሚ ስትራተጂክ ዝኾነ ርከብ ከም ዘለዎም እንድሕር ዘይንፈልጥ ኮይንና ምስ ሓዲኦም ንገብሮ ርከብ ወይ ምስ ካልኦት ተሓሽከርቶም (መንግስቲ ሱዳን) ንገብሮ ናይ ስልቲ ይኹን ስትራተጂክ ረኽቢ መጥፍኢ ህዝቢ ትግራይ ይኸውን ኣሎ።

ምስ ሩባ ኣባይ ዝተትሓሓዘ ረብሓ ዘለዎን ሃገራት ንሓንቲ ሰከንድ እውን ሓቢርካ ምስራሕ ኣይክኣልን ምኽንያቱ ሩባ ኣባይ ምስትቆፃፀሩ ናብ ተከዘ ምምፅኦም ስለ ዘይቐሪ።

**ኢራን፡-** ብኣቆፃፀር ኣውሮፓውያን ኣብ 2018 ኢራን ናይ ኣሜሪካ ዶላር ኣብ ኣየቕምጥን ብዶላር ዝሸጦ ዝኹን ዝገዝእ ስለ ዘየለ ምስ በለት ብእስራኤል ጀሚሩ ክሳብ ምዕራባውያን ሚድያታት ጫውጫው ክብላ ጀሚረን። ኣሜሪካ ካብ ናይ ኢራን ናይ ኒኩሌር ስምምዕነት ወፂኣ እያ ክትብል ኣውጃ ክሳብ ናይ ፐርሺያ ወሽመጥ ናይ ኲናት መራኸባ ምንቅስቓስ ጀሚራ። ኣሜሪካ ናብ ኢራን ክልል ኣየር እውን ልዕል ኢለን ዝበራ 235 ሚልዮን ዶላር ዝዋገኣን (ንሓደ) ክልተ ድሮናት ልኦኻ ናይ ኢራን ወታደራዊ ሓይሊ ናብ ሓሙኹሽቲ ምስ ቀየረን ኣሜሪካ ናይ ኲናት ጥሩምቡኣ ዓፅያ ንድሕሪት ከተንሳሕብ ተገዲዳ እያ። ምኽንያቱ ናይ ኣሜሪካ ሓይሊ ናይ ኣየር ክልል ምጥሓስ እዩ። እዚ ትገብሮ ድማ ካብ መደበኛ ራዳር ዝሕብኣ ስቲልዝ ዝብሃላ F16ን F35ዝብሃላ ናይ ውግእ ነፈርቲ እየን። ዕድመ ንሩስያ ነዚኣተን መድሓኒት ዓለም ረኺባ እያ።ንሱ እውን ካብ S300 ክሳብ S500 ዝብሃል ሩስያ ስራሕ ዝኾነ ፀረ ነፈርቲን ፀረ ሚሳይልን መከላኸሊ ነዚኣተን ቁልጭ ኣቢሉ



Scanned by CamScanner

ዘርኢ ራዳር ዝተገጠመሉ ስለ ዝኾነ እቲ ናይ ኣየር ልዕልና እውን እንዳሳኣነቶ እያ። እዚ ናይ ሩስያ ስራሕ መሳርሒ ንዝገዘኣት ሃገር ኣሜሪካ ከሳብ ማዕቐብ ምግባር ዝብል ጫውጫው ከተስምዕ ትርእ እያ። ስለዚ ንሕና እውን በቶም ተላኣኣኽታ ዘይተሳኸዐላ ምስ ቀረየ ባዕላ ትኣትወሉ ዕድል እንተሃልዩ እታ ሐዚ ዘላ ናይ ዓለም ኣሰላልፋ ተጠቒምና ዓርስና ንምውፃእ ናበይ ከምንፅጋዕ ፍሉጥ እዩ። ቀዲሞም ግን ብባይሎጂካል መሳርሒ ከም ክትባት ዝበለ ምምካንን ካልእ ሓደጋ ዘስዕብን ንምክያድ ኣብ ምሽብሻብ ይርከቡ።

## ታሪኻዊ ኣመፃፅኣ ዶላር ከም ዓለምለኸ ሸርፊ ወፃኢ

ሓንቲ ሃገር ሸርፋ ዓለም ለኸ ሸርፊ ወፃኢ ንኽኸውን ዝዓበየ ረቋሒ እታ ሃገር ዝለዓለ ዕቋር ናይ ወርቂ ሃፍቲ ክትውንን ኣለዋ። ናይ እንግሊዝ ፓውንድ ስተርሊንግ ን150 ዓመታት መተዓዳደጊ ኮይኑ ፀኒሑ እዩ። ከሳብ ምውዳእ ውግእ ካልኣይ ዓለም።

ኣብ ውግእ ካልኣይ ዓለም ከም ዝፍለጥ ሂትለር ናይ ኣይሁድ እምነት ዘለዎ ንምጥፋእ ተንቀሳቒሱ። በዚ መሰረት ድማ ሚሊዮናት ብኣሰቃቒ መንገዲ ቀቲሉ። በዚ መሰረት ድማ ንኣልበርት ኣንስታይን ሓዊሱ ኣብ ጀርመን ዝነበሩ ላዕልዎት ምሁራን ናብ ኣሜሪካ ከስደዱ ተገዲዶም። በዚ መሰረት ድማ ኣሜሪካ ናይዚኦም ፍልጠት ተጠቒማ ናይ ውግእ መሳርሒ ብምፍራይ ናብ ውግእ ካልኣይ ዓለም ብሕታዊት ሸያጢት ኣፅዋር ኲናት ንምኳን በቒዓ። እተን ሃገራት ወርቂ ከም መዐደጊ ይጥቀማ ኔረን ካልኣይ ኲናት ዓለም እንትውዳእ ዝልዓለ ናይ ወርቂ ሃፍቲ ክትውንን ዝኻኣለት ኣሜሪካ ነይራ።በዚ መሰረት ድማ ናይ ኣሜሪካ ሸርፊ ዶላር ኣብ 1944 ዓ.ፈ ዓለምለኸ ሸርፊ ወፃኢ ንምኳን በቒዑ። ዶላር ወርቂ ዋሕሱ ገይሩ ወይ ብወርቂ ዝድገፍ ዓለም ለኸ ሸርፊ ወፃኢ ኮይኑ።

## ኣመፃፅኣ ርከብ ኣሜሪካን ኣዕራብን

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ናይ ኣሜሪካ ዶላር ብወርቂ እንዳተደገፈ ካብ ኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን 1944 -1973 ዘሊቑ። ኣብ 1973 ዓ.ፈ ናይ ዓረብ -እስራኤል ኲናት ተኸፊቱ ነይሩ። ኑቲ ኲናት ዝሰዓረት ድማ እስራኤል ነይራ። ኣፍቲ እዋን ነዳዲ ዘፍርዩ ዝነበሩ ኣዕራብ ድማ ንእስራኤል ሓጊዝኩም ብምባል ኣብ ርእሲ ምዕራባውያን ኣድማ ዝመስል ተቓውሞ ገይሮም።በዚ መሰረት ድማ ነዳዲ ምፍራይ ብምቕናስ ተቓውሞኦም ገሊፆም።ኣብ ዓለምና ናይ ነዳዲ ዋጋ ወሲኹ ናይ ቁጠባ ቅልውላው ክፍጠር ክኢሉ። ኣፍቲ ሽው ናይ ኣሜሪካ ፕረዚደንት ዝነበረ ኒክሰን ምስ ናይ ስዑድ ዓረብ ንጉሳዊ ቤተሰብ ሚስጥራዊ ስምምዕነት ፈጢሩ። እቲ ስምምዕነት ናይ ኣሜሪካ ዶላር ብወርቂ ምድጋፍ ቀሪዩ ብናይ ስዑድ ዓረብ ነዳዲ ክድገፍ ወይ ድማ ውሕስና ክረክብ ምግባር ኔሩ። ብድሕሪኡ እተን ኣዕራብ ኣብ ዓለምለኸ ዕዳጋ ዝሸጠኦ ነዳዲ ዝተረኸበ ዶላር ናይ ኣሜሪካ ትሬዠሪ ኖት ክግዛእ ንዝገዘኣኦ ኣፅዋር ኲናት ይኹን ካልኦት ሃለቕቲ ኣቑሕት ክፍሊት ዝፍፅሙ ብዶላር እንተይኮነስ ብነዳዲ ክኸውን ኣካል ናይት ስምምዕነት ነይሩ። እዚ ንናይ ኣሜሪካ ኢኮኖሚ ጥዕና ክህልዎ ይገብር። ካብዚ ብምብጋስ እዩ እተን ብተለምዶ ንስዑዲ ሓዊሱ ጋልፍ ስቴትስ ዝብሃላ ሃገራት ናይ ኣሜሪካ ዝሕለባ ኣላሕም ተባሂለን ዝፅውዓ። ጥቕሚ ኣሜሪካ ካብ ናይዘን ሃገራት እዚኣን ጥቕሚ ተፈልዩ ዝርአ ኣይኮነን።ርከብ ኣሜሪካን እዚኣንን ቀዋሚን ኣብ ጁባ



Scanned by CamScanner

ዝተመስረተን እዩ። ኣብ ኣሰላልፋ እውን ኣሜሪካ ዘላቶ እዘን ሃገራት እዚኣን ኣለወአ። ነዚ እዩ እውን ኣብ ኩለን ኲናት ዝተኻየደለን ሃገራት እዘን ኣዕራብን ምዕራባውያንን ኣብ ሓደ ሰልፊ ዝኾኑ። ካብ የመን ፣ሶርያ፣ ኣፍጋኒስታን ፣ሊብያ ናይ ሱዳን ዕልዋ መንግስቲ ከሳብ ሃገርና ክልልና እንዳቐፀለ ይርከብ።ሓደ ሓደ የውሃትኣመራርሓ ኣሜሪካ እብዚ ኲናት የላን ደጋፊትና እያ ይብሉ እሞ ንኣብይ፣እኹ ንሕና ናብ ስልጣን ኣምፂናዮ ኢሎም እንተተባሂሎም ንሱ እማ ኣወ ይብሉ። ንኣብይ ናብ ስልጣን ምምፅኦም እንተኣሚኖም እንታይ ድኣ ቐርዩ?ኣሜሪካ ናይ ሳትላይት ምስልታት ብምሃብን 24 ሰዓት ናይ ሰራዊትናን ኣመራርሓን ምንቅስቓስ እንዳተኸታተለት እቲ ውግእ ኣብ ምምራሕ ትርከብ።ብጉጉል ማፕ፣ ጉጉል ኤርዝ እውን ካርታ ናይ ትግራይ በበይ ኣትዩ ናበይ ይምቹ በየናይ ኣይምቹን እንዳተኸታተሉ ንብልፅግና፣ ሻዕብያን ኣብ ፔንታጎን ኮይኖም ኣብ ምምራሕ ይርከቡ።ኣመራርሓና ሳትላይት ስልክን ሞባይላትን ከቕንሱ እንተዝኸእሉ ፅቡቕ እዩ። እቲ ነካይዶ ዘለና ኲናት ከሓፅር እንተዘይክኢሉ ኣብ ሓደጋ ክንወድቕ ንኽእል ኢና። እንዳዛናግው እውን ተፀባይነት ብምፍጣር እቲ ኲናት ከይነሕፅሮ ሓረስታይና ናብ ማእቶት ቶሎ ካይኣቱ ብሚዲያን ብኻሊእን ኣብ ምዝንጋዕ ኣጥቢቆም ይሰርሕሉ ኣለዉ። ስለዚ ናይ ኩሉ መፍትሒ ህዝብና ህልውንኡ ኣብ ኢዱ ምኳና ፈሊጡ ኣቲ ኲናት ንምሕፃር ከረባረብ ይግባእ።

## ናይ ዶላር ውድቀትን ንዓና ዘለዎ ፅልዋን?

ልዕል ኢልና ከም ዝርኣናዮ ድሕሪ ናይ ቁጠባ ቅልውላው ብትሪልዮናት ተሓቲሙ ዶላር ናብ ባንኪ ዓለምን ናብ ዓለም ለኸ ትካል ገንዘብ (IMF) ናብ ናይ ምዕራባውያን ናይ ገንዘብ ትካላትን ኣትዩ እዩ። እዚ ዕላምኡ ዶላር ብዕሊ ቅድሚ ምውዳቑ ተሓቲሙ በዞም ትካላት ኣቢሉ ነተን ቁጠበኣን ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራትን ገና ዘይማዕበላን መሬተንን ካልእ ናይ ተፈጥሮ ሃፍተንን ናብ ምዕራባውያን ሰብ ሃፍቲ ምርካብ እዩ። እዚ ዝግበር ድማ ብባንኪ ልቓሕ ከወስዳ ብምግባር ናብ ዕዳ ባርነት ብምእታው እዩ። ኣብ ሃገርና ተለኣኣኺ ምስ ኣቀመጡ ኣብ 2011 ዓ.ም ናይ ኢትዮጵያ ፓርላማ 750 ሚልዮን ዶላር ልቓሕ ኣፅዲቑ ኔሩ። እዚ ልቓሕ ካብ ባንኪ ዓለም ዝተውሃበ እዩ ይብል እሞ ዕላምኡ ድማ ንናይ ኢትዮጵያ ገባራት ልቓሕ ወሲዶም እታዎታት ገዚኦም ናብረኦም ንምምሕያሽ ይብል። እቲ ልቓሕ ንምውሳድ መሬት ከም ትሕጃ (collateral) የትሕዙ ይብል።እዚ ብላዕሉ ፅቡቅ ሓልዮት እዩ ዝመስል። ውሽጡ ኸ እንታይ ይመስል?እቲ ገባር መሬቱ ኣትሒዙ ነቲ ልቓሕ ምስ ፈረመ ቀጥታ ናይ ብር ዋጋ ባይታ ክዘብጥ ይግበር። ንኣብነት ናይ ሓደ ሚኢቲ ዶላር ዋጋ ኣርባዕተ ሚኢቲ ሽሕ ብር ዋጋ ክህልዎ ይግበር እሞ እቲ ዝወሰዶ ልቓሕ ናይ ሰሙን ቐለብ እውን ክኸውን ኣይኸእልን። ንኣብነት ናይ ሓደ ኩንታል መዳበርያ ዋጋ ሐዚ ብ2500 (ክልተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ብር) እንተወሲዱ ድሕሪ ሰሙን ወይ ክልተ ሰሙን ናይ ዶላር ዋጋ ብምውሳኽ እቲ ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮ ኣርባዕተ ሚኢቲ ሽሕ ንኽኸፍል እቲ ገባር ይግደድ። ንኣብነት ገባርና መሬቱ ኣትሒዙ ሓደ ሚልዮን ብር እኳ እንተዝወስድ ካብ 250 ዶላር ንላዕሊ ዋጋ ኣይህልዎን። በዚ መሰረት ኣብ ውሽጢ እቲ ስምምዕነት እቲ ልቓሕ እንተዘይመሊሱ ነቲ መሬቱ እቲ መለቃሓይ ንዘላኣለም ይወርሶ። እታ ናይታ ልቓሕ ዕላማ እውን እዚኣ እያ። እዚ



Scanned by CamScanner

ድማ ናይ ዕዳ ባርነት (Debt slavery) ተባሂሉ ይፅዋዕ። ገባርና እታ ጎጅኡ ቀሊሱ ዝነብረላን ሓሪሱ ዝናበረላን መሬት ንዘላኣለም ይስእና። ካብ መሬቱ ተፈናቒሉ ኣደዳ ሞትን ጥሜትን ካብ ምኳን ሓሊፉ ኣብ መግዛ ሃገሩን ዓዱን ጓና ኮይኑ ካብ እንስሳ ንታሕቲ ዝቖፀር ይኸውን።እዚ ዝገብርዎ እቲ ኣብ ፖሊሲና ዘሎን ኣብ ሕገ መንግስትና ድማ ዝሰዓለ ከለላ ዝረኸበ መሬት ኣይሸየጥን ኣይልወጥን ዝብል ብተግባር ዝጥሕስን ብኸብድና ሒዞም ናብ ባርነት ናይ ምእታው ስትራተጂ እዩ። እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ተለኣኣኺኦም ንኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ብዘይካ ትግራይ ናይ ኩለን ክልላት መሬት በዚ መንገዲ እዚ ናብ ዕዳ ባርነት ብምእታው ንናይ ኣሜሪካን ኣዕራብን ካልኦት ምዕራባውያን ሃፋትምን ሸይጥሎም እዩ። ድሮ እኳ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ለጋህር ከባቢ ናይ ሕቡራት ዓረብ ኤምሬት ናይ ሪል ስቴት ኩባንያታት ናይ ቅንጦት ኣፓርትመንታት ኣብ ምህናፅ ይርከቡ። ፅባሕ ንኩሉ እቲ ነባራይ ጉሒፎም ብምውፃእ ሰማይ ጠቀስ ህንፃታት በዞም ናይ ደገ ኩባንያታት ክስርሑ እዮም። እዞም ህንፃታት ናይ ኤክስፐርትታቶም ቤት ፅሕፈታት እዮም ክኾኑ። ኣብኡ ዝህልዉ ናይ ሸቐጣሸቐጥ ሹቓት እውን ማንም ኢትዮጵያዊ ዝውንኖም ኣይኾኑን። ካልኦት ዜጋታት (ህንዲ ወይ ፓኪስታን) ዝነግድሎም እዮም ክኾኑ። ናይ ቅንጦት ሆቴላት እውን ከህነፁ እዮም። ግን ማንም ኢትዮጵያዊ ዝረግፆም ኣይኮኑን ማንም ኢትዮጵያዊ ንኣዲስ ኣበባ ይኹን ፀዓዱ ዝነብሩለን ካልኦት ከተማታት ናይ ምርጋፅ ይኹን ኣብኡ ናይ ምንባር መሰል የብሉን። ኣብ መግዛ ሃገሩ ትሕቲ እንስሳ እዩ ክረእ። እዚ ናይ መሬት ኣዋጅ ናብ ትግራይ መፅዩ ብናይ ህወሓት ኣመራርሓ ተነፂጉ እዩ ሐዚ ብዘይካ ትግራይ ናይ ኩለን ክልላት መሬት ተሸይጡ እዩ። እምብኣር ከስ ህወሓት ነዚ ወራር እዚ ኣይቅበልን ምስ በለ እዩ ኣሜሪካ ነዚ ከም ናይ ሞትን ሕየትን ገይራ ስለ ትሪኦ ነዞም ኩርኩሓት ባርነት ዘይቕበሉ ህዝቢ ትግራይን ህውሓትን እንተይጠፍኡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ይኹን ኢትዮጵያ ጥቕመይ ከረጋግፅ ኣይኽእልን ኢላ ስለ ዝሓሰበት እዚ ሐዚ ኣቲናዮ ዘለና ኲናት ብተለኣኣኽቶም ኣቢሎም ገጢሞምልና። እዚ ቕዋም ክቕፅሉልን ምስ ኣብይ ምንም ዓይነት ኣፈላላይ ክህልዎም ኣይኽእልን። ኩሉ ነገር ኣሕሊፉ ንዝሃበም ተለኣኣኺ ድማ ከምቲ ኣብ ሚድያ ዝሰማዕ ሓቢሮም ምስ ናይ ኢትዮጵያ መንግስቲ ከም ዝሰርሑ እዮም ዝዛረቡ። ንሳቶም ንተለኣኣኺኦም ኣሕሊፎም ከም ዘይህቡ እንዳነገሩና ንዕሾ ዘለና ንሕና ኢና። ካሊእስ ይትረፍ መሬትና ተወሪሩ እንዳሃለወ ኲናት ጠጠው ኣብሉ ክብሉ ይዳለዉ ኣለዉ። እዚ ዝገብሩ ዘለዉ ብረደኤት ሽም ተለኣኣኺኦም ከይስኮን ካሊእ መጥፍእን መዳለዊ ግዜ ንምርካብ ዝገብርዎ ዘለዉ ሜላ እዩ። ኣመራርሓና ዲፕሎማስያዊ ረኽቡ ምስ ኢራን ሩስያን ቻይናን ብህፁፅ ክገብር ኣለዎ። ንህዝብናን ሰራዊትናን እውን ናይ ፖለቲካ ንቕሓት ክህልዎን መስመራትን ዕላማታትን ህወሓት ዝጠቕምዎ ምኳኖም ተረዲኡ ናብ ልቡ ክሰርፅ ብምግባር ከመይ ዝኣክል ሂይወቱ ክልውጥሉ ከም ዝኽእሉ ክፈልጥ ኣለዎ። በቢ ደረጅኡ ዘሎ ኣመራርሓና እውን ለይትን ቀትርን ነዚ ንምስራፅ ከዋፈርን ክቃለስን ኣለዎ። እዚ ብምግባር ኢና ውሕስናና ከነረጋግፅ ንኽእል። እዚ ኣብ ዘይ ገበርናሉ ዓርስና እውን ነጥፍእ ህዝብና እውን ሒዝናዮ ናብ መቓብር ከም ንኣቱ ንፃት እውን ክንጠራጠር የብልናን።



Scanned by CamScanner

## መፃኢ ናይ ዓለምና ናይ ቁጠባ ፍልፍልን ናይ ኣሜሪካ ህፁፅ ኣዋጅን

ትራምፕ ኣብ መስከረም 30 2020 ኣ.ፈ ሓደ ህፁፅ ኣዋጅ ኣውጁ ነይሩ። እቲ ኣዋጅ ብዛዕባ መፃኢ ናይ ዓለምና ናይ ቁጠባ ዋና ፍልፍል ዝኾኑ ብተፈጥሮ ብኸውሕን ብእምኒ መልክዕን ዝርከቡ ኣብ ፔሬዲክ ቴብል (peredic table) ድማ ቤዝ ሜታልስ ሬር ኤርዝ ሜታልስ ዝበሃሉ መዓድናት እዮም። ቅድም ኢልና ከምዝገለፅናዮ ናይ ኣሜሪካ ዶላር ድሕሪ ውግእ ዓረብ-እስራኤል ብናይ ስዑድ ዓረብ ነዳዲ ከም ዝድገፍ ገሊፅና ነይርና። ናይ ኣሜሪካ ዶላር ዓለም ለኸ ሸርፌ ወፃኢ ናይ ምኧን ዕድሉ ፀሓይ እንዳ ዓረቦቶ እያ። እዛ ፀሓይ ቅድሚ ምዕራባ ድማ እቲ ዝሓተምዎ ወረቐት( ዶላር) ገይሮም ብፍላይ ናይተን ድኻታት ሃገራት ናይ ተፈጥሮ ሃፍትን መሬትን ንምሓዝ ኣብ ምቅድዳም ይርከቡ። ኣብ መሬት ኩሉ ነገር ኣሎ። ካልእ ዘተሓሳስቦም ጉዳይ ድሕሪ 10 ዓመታት ብነዳዲ ዝሰርሓ መኻይን ካብ ዕዳጋ ወፃኢ ክኾና እየን ዝብል እዩ። እዚ ማለት ናይ ዶላር ውድቀት እውን ቡኡ ልክዕ ይቀላጠፍ ኣሎ ማለት እዩ። እተን መኻይን ብኤሌክትሪክ ብዝሰርሓ መኻይን ይትካእ ኣለዋ ማለት እዩ። ናይዚኣን ባትሪ ድማ በዞም ህፁፅ ኣዋጅ ዝተኣወጀሎም መዓድናት እዩ ዝስራሕ። ሞተረንን ቦዲኣንን እውን በዚኦም እዩ ዝስራሕ። ናይዞም መዓድናት እዚኦም ዋና ዕዳጋን ሸያጢትን ቻይና እያ። እዞም መዓድናት እዚኦም ዘይሓዘት ሃገር ኣብ ቀፃሊ ናይ ዓለምና ናይ ቴክኖሎጅን ኢኮኖምያውን ወታደራውን ንሕንሕ ክትሰዕር ኣይትኽእልን ኣይሕሰብን እውን። ምኽንያቱ እዞም መዓድናት እዚኦም ካብ ጥይት ጀሚሩ ክሳብ ኒዩክሌር ዓረር ካብ ሞባይል ስልኪ ክሳብ ሳትላይት ሮኬት ንምስራሕ ከም ጥረ ኣቑሑ ንጥቀመሎም እዮም። ስማርት ቦምብ ኣነፃፂሩ ዝትኩስ ሚሳይል (precision guided missiles) ናይ ተዋጋእቲ ጀታት ሞተርን ባትርን እውን ካብ እዚኦም እዩ ዝስራሕ። 70% እዞም መዓድናት ናብ ዕዳጋ ኣሜሪካ ተቕርብ ቻይና እያ። በዚ ሐዚ ዘሎ ናይ ንግዲ ውግእ ቻይና ኢዳ ክትስብስብ እያ ዝብል ስግኣት ኣለዎም። እዚ ዘተሓሳስባ ኣሜሪካ ድማ ህፁፅ ኣዋጅ ብምእዋጅ ኣብ ኣፍሪካን ደቡብ ኣሜሪካን ካልኦት ሃገራትን እዞም መዓድናት እዚኦም ዘለወን ሃገራት ናይ ኣሜሪካ ኩባንያታት ከቆፃፀሩወንን ክሕዙወንን ብዝብል 60 ቢልዮን ዶላር መዲቦም ኣብ ምንቅስቓስ ይርከቡ። ሕዚ ዝመፀ ናይ ኣሜሪካ ፕረዚዳንት እውን ብዝለዓለ ደረጃ ነዚ ህፁፅ ኣዋጅ እዚ ኣብ ምፍፃም ይርከብ። እዞም መዓድናት እዚኦም ኣብ ክልልናን ሃገርናን ብዝለዓለ ደረጃ ይርከቡ። ንሕና እውን ብሳይነስን ቴክኖሎጂን ክንዓቢ ኣለና ኢልና ክንሓስብን ናብ ዝልዓለ መፍርያይነት ክንሰጋገር እንተኾይንና እውን እዞም ማዓድናት እዚኦም እንተይሓዝና ኣይሕሰብን። ኣብ ክልልና ቅድሚ ኲናት ኣትሒዙ ልዕሊ 80% መሬት ትግራይ ብሓሙሽተ ናይ ምዕራባውያን ኩባንያታት ተታሒዙ እዩ። ናይ ሳትላይት ኢንፎርሜሽን ብምሓዝ ኣብ ኣሜሪካን ኣውሮፓን ኮይኖም ኮኦርዲኔት ናብ ቢሮ ማዓድንን ኢነርጅን ይልእኹ እሞ እቲ ዜጋ እንተኸይዱ ብእገለ ካምፓኒ ተታሒዙ ይብሃል። እዚ ዘርእየና ክሳብ ክንደየናይ ፖሊሲና እኳ ምሕላው ኣብዩና ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ ጥቕምናን ጥቕሚ ህዝብናን ኣሕሊፍና ዝሃብና ኢና ኔርና። እዚ ህልውናና ምስተረጋገፀ ዓብዪ ትኩረት ሂብና ክንሰርሐሉ ይግባእ። ኲናት እንተዘይ ይኽፍቱልና ፖሊሲና እንተይቀየሩ ብኽብድና ሒዞም ኣብ ቁፅፅሮም ከውዕሉና ይኽእሉ ኔሮም እዮም።



Scanned by CamScanner

ሐዚ እውን መሬት ትግራይ ኣብ ካርታ ዓለም የላን ፍርቂ ንኤርትራ ፍርቂ ንኣምሓራ እዩ ኾይኑ። ቀርይዎም ዘሎ እዛ ኩናት እዚኣ ስዒሮም ንህውሓትን ህዝቢ ትግራይን ኣጥፊእኻ ነቲ መሬት ምቁፅፃር እዩ። ቅድም ኢልና ናይ ኣምሓራ መሬት ሓዊሱ ናይ ካልኦት ክልላት መሬት ከም ዝሸጠሎም ርኢና ኔርና። ኣብ ኤርትራ እውን ንኢሳያስ ኣግሊሶም ዘዳለውዎ ተላኣኣኺ ኣሎ። ስለዚ መሬት ትግራይ ካብ ኣምሓራን ኤርትራን ንምውሳድ ዝቐለለ ስለ ዝኾነሎም እዩ ካብ ካርታ ኣጥፊኦምዎ ዘለዉ። ፀላእትና እንተኾነ እንተኾነ በዚ ወሊያምልና ዘለዉ ኩናት ከም ህዝቢ ክጥፉእና ገለ ትግራዋይ ካብዚ ምዓት ብሂዎት እንተተሪፉ እውን ቁራስ መሬት ንከይህልዎ ዝገብርን ንወደፊቱ ናይ ሓባር ባህልን ቋንቋን ታሪኽን ዘለዎ ህዝብን ዝነብረላ መሬትን ንከይህሉ ብምግባር ኩርኳሕ ንምግላስ ዝዓለመ እዩ። ከምቶም ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ዘለዉ ልዕሊ 40 ሚልዮን ህዝቢታት ግን ኣብ ዓለም ናተይ ዝብልዋ ቁራስ መሬት ዘይብሎም ኩርዳውያን እዩ ክኾን።

ነዚ ምንፍፃም ፀላእትና ብተላኣኣኺቶም ከም ዘይሳኸዐሎም እኳ እንተኣመኑ ንዓና ናይ ምጥፋእ ሕልሞም ንምስኻዕ ለይትን ቀትርን ኣብ ምፅዓር ይርከቡ። እታ ኩናት ብዝተኸኣለ መጠን ንምጉታትን መጥፍኢና ካራ ንምስሓልን ተኹሲ ጠጠው ኣብሉ ረዲኤት ክንህብ ብምባል ከዘናግው ክምኩሩ እዮም። ናይ ሰላም ዝርርብ እውን ክብሉ ይኽእሉ እዮም። ክሳብ ሐዚ ነቲ ተላኣኣኺኦም ኣየውገዙን ሓቢሮም ከም ዝሰርሑ እውን ግልፂ ጌሮም እዮም። ክሳብ ተላኣኣኺ ምቕያር እውን ክኸዱ ዝኽእልሉ ዕድል ኣሎ።(ኢዜማ)

እቲ ኩናት እንተተዛናጊዑ ናብ ሓደገኛ ኩነታት ክሰጋገር ይኽእል እዩ፦ ንሕና ህዝቢ ትግራይ ሞት እዩ ተፈሪዱልና። ካብ ሞት ንላዕሊ እውን ዝመፅእ የለን። ሙውት ድሓ ንሞት ክፈርሕ የብሉን ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ይምፃእ ተፋሊምና ንሞት ምስዓር እዩ እቲ ቀርዩና ዘሎ መማረፂ። ንሰራዊትና እውን ምስ ማንም ሓይሊ ኢልና ኢና ክነዳልዎ ዘለና። ፈተና ፀላእና እታ ዋና ፀላኢትና ኣሜሪካ እያ። እዚ ማለት ግን ኣሜሪካ ፀላኢትና ኢኺ ኢልና ክንእውጅ ማለት ኣይኮነን። ንሰራዊትናን ህዝብናን ግን ፖለቲካዊ ዕጥቂ ንኽህልዎም ክንሰርሕ ይግባእ። ናይዚኦም ሸርሕታት ክነምክን እንተዘይክኢልና እቲ ኩናት ኣይንስዕሮን። ምኽንያቱ ንህዝብና ንምጥፋእ ዝተፈላለዩ ዓይነት ኩናት ክኸፍቱልና ስለ ዝኽእሉ። ንኣብነት ብመድሓኒትን ክታበትን እውን ከም ህዝቢ ክንፀንት ንኽእለሉ ዕድል ስለ ዘሎ። ኣብ ውሽጥናን ሰራዊትናን ኣትዮም እውን ከፋፊሎም ነኒ ባዕልና ከባልዑና ዝኽእልሉ ኩነታት ንምፍጣር ክሙኩሩ እዮም። ኣብ ሰጉሕ ክፍሊ ታዕሊም ዝተርኣየ እውን ናይዚ ምልክት እዩ። ሐዚ ብረትን ጠያይትን ኣብ ሓራ መሬትና እንተይቀረየ ይሸየጥን ይዘዋወርን ኣሎ። እዚ ሰራዊትና ኣብዚ መሸጣ እዚ ተዋፊሩ ንግዕዝይናን ገበንን ንኽቃላዕ ዝገብር እዩ። ድሕሪ ኩናት እውን ሰላምን ምርግጋዕን ከይህልዎናን ነኒ ባዕልና ንኽንባላዕ ዝገብር እዩ። እዚ ብገንኡ ቁፅፅርን ክትትልን ክንገብረሉ ይግባእ። ናይ ሰራዊትና ፖለቲካዊ ህይወት እውን ሕሉው ክንገብሮ ይግባእ። በቲ ዝሓተምዎ ወረቐት (ዶላር) እውን ንሰራዊትና ካባላሽዉ ክሙኩሩ እዮም። ንህዝብና እውን ማህበረ ቅዱሳን ብዝብል በሰፊሑ ኣብቲ ሓራ መሬትና ብምእታው ናይ ኩሉ ነገር መፍትሒ ቃልሲ እንተይኮነስ እግርኻን ኢድካን ኣሳሲርካ ብዝኾነ መለኮታዊ ሓይሊ እዩ ዝፍታሕ ብዝብል ይሰርሑ ኣለዉ። እዚ ድማ ናይ ህዝቢ ትግራይ ናይ ተቓላሳይነት መንፈስ



Scanned by CamScanner

ሰይርካ ከሰኮን ንምግባር እዩ። እዚ ንህፃውንቲ ንበይኖም ንመናእሰይ ንበይኖም እዩ እቲ ሰብከተ ዝካየድ ዘሎ። ባይደን ዝብል ኣብ ኣፍ እቲ ማሕበራዊ መሰረትና ዝኾነ ገባር ትግራይ ንኸኣቱ ህዝብና ካብ መሪሕ ውድቡ ህወሓት ብስነ-ልቦና ከፈላለ ብምግባር ኣንፃር ህወሓት ንዝፈጥርዎ ኣንጻ ተሪሩ ንከይቃለስ ዝገብር ናይ ስነ-ኣእምሮ ፀወታ እዩ። እቶም ዝገጠሙልና ሓይሊታት ሎሚ ኮይኖም ንኣማኢት ዓመታት ዝእምቱ እዮም። ንሕና ግን ዕድመ ስልጣንና እኳ ከንጭርስ ዘይንኽእል ናይ ፅባሕ ዘይንእምት ፍጥረታት ኢና።

እዚ ሽግር እዚ ምስ ናይ ፖለቲካዊ ስራሕትና ምድኻም ተሓዊሱ እዩ ዝጋደድ ዘሎ። ስለዚ ኣብ ህዝብናን ሰራዊትናን ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስራሕቲ ምስራሕ የድሊ።

## ባዮሎጂካል ውግእ (Bio Warfare)

ከም ዝፍለጥ ብኣቆፃፅራ ኣውሮፓ ኣብ 2015 ዓ.ፈ ኣብ ዓለምና ብዙሕ ምትሕንናቕ ዝተኻየደላ ዓመት እያ ኔራ። ቅድም ኢልና ከም ዝረኣናዮ ትሪልዮናት ዶላር ተሓቲሙ ናብ ባንኪ ዓለምን ኣይ ኤም ኤፍን ምእታውን ናይ ዓለም ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ናብ ኢድ ሃፋትም ኣሜሪካውያን በዞም ዓለም ለኸ ትካላት ከኣቱ ዘይተመቸዎም ኣብ ምዕባይ ዝርከቡ ሃገራት ወይ ብተለምዶ ብሪክስ ተባሂሎም ዝፅውዑ ነዚ መፍትሒ ኢሎም ንባንኪ ዓለምን ኣይ ኤም ኤፍን ዝትክኡ ናይ ባዕሎም ናይ ገንዘብ ትካላት ንምምስራት ዝተገደድሉ እዋን ኔሩ። ኣብ ሃገርና እውን ነዚ ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ናይ ምድብስባስ ሸውሃት ንምርዋይ ነቲ ኣብ ካልኣት ድኻታት ሃገራት ንዝረኸብዎ እስትራተጂካዊ ጥቕሚ ን፣ይረኽቡ ናይ ሕማቕ ኣብነት እዩ። ከምኡ እውን ነቲ ሐዚ ዘሎ ተላኣኣኺኦም ናብ ስልጣን ንምምፃእ ናይ ቀለም ወያነን ዕግርግርን ዝጀመረሉ ግዜ ነይሩ።

እዚ ናይ እነ ቻይናን ሩስያን ምንቅስቓስ ዘይተመቸዎም ናይ ኣሜሪካ ሃፋትም ብፍላይ ድማ ቢልጌት ነዛ ብቑጠባ ይኹን ብወታደራዊ ሓይሊ ንምውድዳር ኣፀጋሚት ዝኮነቶም ቻይና ብኻሊእ መንገዲ ንምንብርካኽ መንገዲ ዝጀመረላ ዓ.ፈ ነይራ 2015።

ኣሜሪካዊ ቢሊየነር ቢልጌት -ሃፍቱ ዋጋ ዝህልዎ -ናይ-ዶላር ልዕልና ዝትረጋገፀላ ዓለም ክትህሉ ከላ እያ። በዚ መሰረት ድማ -ናይ-ማይክሮሶፍት ሓለቓነት ገዲፉ ናብ ሓደ ናይ ባት ቫይረስ ክታበት ዘዳሉ ኩባንያ ተዛዊሩ ምስራሕ ጀሚሩ = ኣብ 2015 ዓ.ፈ።

እቲ ኩባንያ ብኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን 2018 ናይ ኮሮና ቫይረስ ክትባት ዘዳሉ ብሕታዊ ካምፓኒ (Patented) ኮይኑ። እዚ ማለት ብዘይካ ናይዚ ኩባንያ እዚ ፍቓድ ካሊእ ናይ ኮሮና ቫይረስ ክትባት ንከየዳሉ ዝእግድ እዩ።

ኣብ ጥቅምቲ 2019 ዓ.ፈ ኣብ ዓለምና ከልተ ዓበይቲ ጉዳያት ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ተኻይደን። እታ ሓንቲ ኣብ ኒውዮርክ ዝተኻየደት 15 ዝላዓሉ ሰብ ሃፍትን ምሁራትን ዝተሳተፉላ ዋዕላ ኔራ። ስፖንሰር ገበርቲ ድማ በልን ሚሊንዳ ጌትን ፋውንዴሽን፣ ዎርልድ ኢኮኖሚክ ፎርም ናይ ጆን



Scanned by CamScanner

ሃናኪን ናይ ጥዕና ሴክሪቴ ዲፓርትመንትን እዮም። አፍቲ ዋዕላ ኮሮና ዝብሃል ቫይረስ ኣብ ዓለምና ልዕሊ 65 ሚልዮን ህዝቢ ክቐትል እዩ ዝብል ነይሩ። እቲ ሕማም ምስ መፀ ዝተገበሩ ምንቅስቓሳት ኩሉ ብፕረዘንቴሽን መልክዕ ሓደ ብሓደ ዝቐረብሉ ነይሩ።

እታ ካልአይቲ ዋዕላ ኣብ ዉሃን ቻይና ዝተኻየደ ልዕሊ 109 ሃገራት ዝተሳተፋሉ ወታደራዊ ፌስቲቫል ኔሩ። ኣብዚ ልዕሊ 300 ናይ ኣሜሪካ ወታደራት ምስ ደገፍቶም ዝተሳተፉሉ ኔሩ። ፀብፃባት ከም ዝሕብሩ ዝሓዝዎ መዕረፊ እውን ካፍታ ኮሮና መልዐሊት እያ ተባሂላ ብምዕራባውያን ሚድያታት ዋጭዋጭ ዝተብሃለላ ዕዳጋ (Wet market) ዝተወሰነ ርሒቐ ኣብ ዝርከብ ኦርየንታል ሆቴል ዓሪፎም ከም ዝነበሩ እዩ።እቲ ፌስቲቫል ንትሻዓተ መዓልትታት እዩ ተኻይዱ። እቶም ተሳተፍቲ ነናብ ቦተኦም ተመሊሶም። ኣብ ጣልያን እታ ኮሮና ተኸሲቱላ ዝተብሃለት ከተማ ኣብ ቻይና ፌስቲቫል ዝነበሩ ወታደራት ዝዓስከሩላ እያ። ቅድሚ ቻይና ኮሮና ሪፖርት ዝተገበረላ እውን እዛ ናይ ጣልያን ከተማ እያ ኔራ። ጣልያን ናይ ቻይና ናይ ንግዲ መስመር ምትእስሳር (Silk road) ዝፈረመት ብሕታዊት ምዕራብ ኣውሮፓዊት ሃገር እያ።

ፈላመይቲ ናይ ቻይና በረራ ዝሰረዘት ድማ ኣሜሪካ ኔራ። ናይ ምዕራባውያን ሚድያታት እውን ዓለምና ንቻይና ሲኦል ጌራ ንኽትሪኣ ብዝተኻኣለን ሰሪሐን እየን። እዚ ዕላምኡ ናይ ቁጠባ ውድቀት ብደገ ሕማምን ሞትን ብውሽጢ ዓቅሊ ዝፀበቦ ናይ ቻይና ህዝቢ ኣንፃር መንግስቲ ንኽዕምፅ ነዚ ተጠቒሞም ድማ ኣብ ቻይና ናይ ቀለም ወያነ ብምክያድ ንመንግስቲ ቻይና ብምግልባጥ ንዓለም ብዘይ ተናሓናሓይ ከም ድላዮም ንምብሓት ዝዓለመ ኔሩ።

እቲ ናይ መጀመርያ ትልሞም መንግስቲ ቻይና ብዘይ ሓሰብዎ መንገዲ ነቲ ላበዳ በቀፃፀሮ ብምኽኣሉ ከምቲ ተተምበይዎ 65 ሚልዮን ህዝቢ ቻይና ክመውት ኣይኸኣለን። ትልሚ ቁፅሪ ኽልተ እተን ቻይና ክትምንጥለና እያ ዝበሉዎን ናይ ኣፍሪካን ናይ ዓለም ሃገራትን ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ብዘይ ማንም ተናሓናሒ ንምቁፅፃር ብኮሮና ሰበብ ዝተቐመጠለን ኣጀንዳ ስዒብና ንርአ።

ናይ ማሳቹ ሴትስ ኢንስቲትዩት ኦፍ ቴክኖሎጂ (MIT) ሙሁራን ቅድሚ ዓመታት ጎና ጎኒ ናይ ኮሮና ክትባት ብቢልን ሚሊንዳ ጌትን ፋውንዴሽንን ዝተውሃቦም ሓደ ዕማም ኔሩ። ንሱ እውን ምስቲ ክትባት ዝውሃብ ማይክሮ ቺፕ ንኽዳልዉ ኔሩ።

ካሊእ ገዛ ዕዮ ድማ ናይ ጆን ሃፕኪን ዩኒቨርስቲ ናይ ጥዕና ሴክሪቴ ዲፓርትመንት እዩ። ንሳቶም ድማ ዘርኢ (DNA ,RNA) ዝቕይር ማተርያል ክዳልዉ ኔሩ። በዚ መሰረት ክልቲኦም ተዳልዮም ምስቲ ክትባት ክወሃቡ ቅሩባት ኮይኖም ይርከቡ።

ናይ ማይክሮ ቺፕ ዕማም ነቲ ዝተኸተበ ሰብ ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ ዓለም ጫፍ ኮይንካ ብሪሞት ንምቁፅፅር ዘኽእል ታርጋ እዩ። እቲ ሰብ ልክዕ ከም ኣቕሓ ኣብ ዘደለኻዮ ተልዕሎን ትድርብዮን ከሳብ ዕለተ ሞቱ ንምቁፅፃር ዘኽእል እዩ። እቲ ካልኣይ ዝተኸተበ ሰብ እቶም ዝወልዶም ንሃቱ ዘርኢ እንተይኮነስ ክሎን ዝተገበሩ ናይ ፃዓዱ ዘርኢ እዩ። እዚ ዕላምኡ ወታደር ይኹን ተላኣኣኺ



Scanned by CamScanner

ከየድለዮም ናይ ዝኾነ አህጉር ይኹን ሃገር ናይ ተፈጥሮ ሃፍቲ ብዘይ ምንም ተናሓናሓይ ንምቁፅፃር እዩ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ አውሮፓ ሃገራት ናይ ተቓውሞ ሰልፊታት ዝተኻየደ እንትኸውን ኣብ ኣሜሪካ ድማ ቢልን ሚሊንዳ ጌትን ፋውንዴሽን ናይ ሰብ ዘርኢ ብምጥፋእ ወንጀል ከኸሰሱ ኣለዎም ዝብል ፒትሽን ናብ ትራምፕ ኣትዩ ከም ዝነበረ ፀብፃባት ይሕብሩ። እዚ ሓደጋ እዚ ምትራፍ ዝከኣል ድማ መንግስቲ ትግራይ ናብ ቦትኡ እንተይተመለሰ ህዝቢ ዝኾነ ይኹን ከትባት ከይወስድ ብምግባር እዩ።

## ✚ ኮሮና ኸ ንትግራይ ሓደጋ ድዩ?

ከምቲ ዝፍለጥ በዝሒ መዋቲ ናይቲ ቫይረስ ኣብ ኣፍሪካ እንተይኮነስ ኣብ ኣሜሪካን ኣውሮፓን እዩ። እዚ ከኾነሉ ዝኻኣለ ሳይነሳዊ ምኽንያት ኣለዎ። ኣብ ሚድያና ብሓደ ሓደ ሙሁራት ይኹን ፖለቲከኛታት ምኽንያታዊ እንተይኮነስ ብጭፍን እቲ ቫይረስ ንኣሜሪካ እኳ ከምዚ ዝገበረስ ንዓና እማ ካሊእ ህልቂት ከስዕበልና እዩ ብምባል ህዝብና ምኽንያታዊ መረዳእታ ንኸይረክብ ዕንቅፋት ይኸውን ኔሩ።

ቫይረሳት ዘጥቅዕሉ ናይ ኣየር ኩነታት እንታይ ይመስል? ኮሮና ቫይረስ ንምንታይ እዩ ኣብ ደረቕን ቁርን ናይ ኣየር ፀባይ ዘጥቅዕ? ዝብል ብዝተፈላለዩ ናይ ሕክምና ጆርናላት ዝወፅእ ሓበሬታ ስዒብና ንርአ።

ኣብ ደረቕን ቁርን ናይ ኣየር ፀባይ እቲ ቫይረስ ዘጥቀዐሉ ምኽንያት ምስ ቫይታሚን ዲን ምስ ናይ ሰውነትና ንቫይረሳት ናይ ምክልኻል ዓቕምን ዝተትሓሓዘ እዩ። እቶም መፅናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ኮሮና ቫይረስ ዘጥቀዖም ሰባት መብዛሕተኦም ኣብ ሰውነቶም እኹል ቫይታሚን ዲ ዘይብሎም ሰባት እዮም። ንኮሮና ይኹን ንኻልኦት ቫይረሳት ዝዋጋእ ናይ ውሽጢ ሰውነትና ወታደር ንቑሕ ኮይኑ ንኽሕሉ ኣብ ሰውነትና እኹል መጠን ቫይታሚን ዲ እንተሃልዩ እዩ። እዚ እንተዘይ ሃልዩ እቲ ዋርድያ ይድቅስ እሞ እቲ ቫይረስ ኣትዩ የጥቀዐልና ክሳብ ሞት እውን የብፀሓና። እቲ ሕክምና ናይ ኮሮና ቫይረስ ዝውሃብ እውን እቲ ናይ ውሽጢ ሰውነትና ዋርድያ ንክነቓቓሕን ነቲ ቫይረስ ንኽዋጋእን እዩ። ስለዚ ኮሮና ኣብ ደረቕን ቁርን ናይ ኣየር ፀባይ የጥቅዕ እዩ ዝብሃል ዘሎ ከምዚ ዓይነት ናይ ኣየር ፀባይ ዝነብሩ ህዝቢታት እኹል ቫይታሚን ዲ ብተፈጥሮ ኣብ ሰውነቶም የለን ወይ ኣይረኽቡን ብዝብል ምኽንያት እዩ። ደቂ ሰባት ልዕሊ 50% ቫይታሚን ዲ ካብ ፀሓይ ብርሃን እዮም ዝረኽቡ። ኣብ ደረቕን ቁርን ናይ ኣየር ኩነታት ሰውነትና ካብ ፀሓይ እኹል ቫይታሚን ዲ ኣይረክብን። ኣብ ከማና ዝበላ ፀሓይን ንፋስን ኣብ ዘለዎ ፀባይ ኣየር ሰውነትና ካብ ፀሓይ ብዝግባእ መጠን ቫይታሚን ዲ ስለ ዝረከብ በቲ ቫይረስ ናይ ምጥቃዕ ዕድሉ ኣዕርዩ ትሑት ይኸውን ወይ ናብ ዝኸፈአ ሓደጋ ኣይቃላዕን።

ኣብ ኣሜሪካ 41.6% ህዝቢ ብሕፅረት ቫይታሚን ዲ ዝተጠቐዐ እዩ። መብዛሕተኦም ፀለምትን ካብ ላቲን ኣሜሪካ ዝመፁ ድኻታትን እዮም። ናይ ኣሜሪካ ናይ ፀሓይ ሙቐት መጠን ኣዝዩ



Scanned by CamScanner

ዝተሓተን እቲ ናይ ሓጋይ እውን ደረቕን ንፋስን ዘይብሉ እዩ። እቶም ድኻታት ቫይታሚን ዲ ዘለዎም ምግብታት ከም ዓሳ ናይ ተፈጥሮ እንቋቆሖ ዝማሳሰሉ ናይ ምርካብ ዕድሎም ዝተሓተ ስለ ዝኾነ ምስ ሓመሙ እውን ሕክምና ስለ ዘይረኽቡ ንሞት ዝቃልዑ እውን ንሳቶም እዮም።

ኣባና እውን ነቶም ኣብ ሰውነቶም እኹል ቫይታሚን ዲ ዘይብሎም ሰባት መርሚርካ ምፍላይ ኣመጋግበኦም ከዐርዩ ብምግባር ከም ዓሳ እንቋቆሖ ኣሕምልቲ ከምገቡ ምኽሪ ምሃብ ናይ ቫይታሚን ዲ ከኒን ከወስዱ ብምግባር ናይ ሞት ሓደጋ ምቕናስ ይከኣል እዩ። ኩሉ ዓይነት ቅድመ ምክልኻል ሓዊስካ ማለት እዩ።

ስለዚ ንህዝቢ ትግራይ ክሳብ ሐዚ ዘሎ ኮሮና ቫይረስ ሓደጋ ኣይኮነን። ቻይናን ሩስያን ናይ ባዕለን ናይ ኮሮና ቫይረስ ክትባት ኣዳልየን እየን። ብብዙሓት ሃገራት እውን ተጠላብነት ረኺቡ እዩ።

ኣባና እውን ክትባት ኣድላይ ኮይኑ እንተተረኺቡ ንዓና ከም ህዝቢ ዘብርስ እንተይኮነስ ውሑስ ካብ ዝኾነ ሃገር ዝመፅእ ክትባት ክኾን ኣለዎ መንግስቲ ትግራይ ናብ ንቡር ብምምላስ ዝስራሕ እዩ።

እዚ ሐዚ ኣብ ብልፅግና ዝሓዞ ከባቢታት ዝወሃብ ዘሎ ክትባት ብጣዕሚ ሓደገኛን ብዝኾነ ይኹን ክንከላኸሎ ዝግባእን እዩ። ከራቢት ብምስዓድ እውን እቲ መድሓኒት ምቕፃል ይከኣል እዩ።

## መጠቓለሊ

ፀላእትና ኩሉ ግዜ ሞእተዊኦም ናትና ድኹም ጎንን ንሕና ብንፈትሮ ነኺልን እዩ። እቲ ሐዚ ኣብ ሃገርና ዝተፈጠረ ሕገ መንግስታዊ ቅልውላውን ስዒቡ ዝመፀ ኩናታትን እውን ንሕና ዝፈጠርናዮ ነኺል እዩ። ፀላእትና ናይ ደገ ይኹኑ ናይ ውሽጢ ኣብ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ስለ ዘይነበሩ ኣይኮነን። ስርዓትና ንምፍራስ ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜታት ሞኪሮም እዮም። ብብሉፅ መራሒና ብፃይ መለስ ዜናዊ ዝምራሕ ዝነበረ ውድብና ሓደጋ ቅድሚ ሃማማዕኡ ኣብ ሚልዮናት ማይልስ ርሕቐት ኣሚቱ መፍትሒ ኣዳልዩ ዝፀንሕ መራሒ ስለ ዝነበረ እዩ። ብፃይ መለስ ምስ ጋዜጠኛ ኣሊክስ ዲ-ዋል ቅድሚ ዓመታት ዝገበሮ ቃለ-መሕተት እውን ነቲ ሐዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ኩናት መልዓሊኡን ኣብኡ ዘሎ ናይ ሓይሊታት ኣሰላልፋን ብገንኡ ፈሊጥዎ ከም ዝነበረን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ጂኦ ፖለቲካል ንሕንሕ ብእኡ ዝፍጠር ትርምስን ከም ዝመፅእ ፈሊጡ ናይ ምብራቕ ኣፍሪካ በይነ መንግስታት (ኢጋድ) ሓይሊ ምጥንኻር ጀሚሩ ኔሩ። ስለዚ እቲ ሐዚ ተፈጢሩ ዘሎ ሓደጋን ብዘሐዚ ክፍጠር ዝኽእልን ንምቕራይ ናይ ዓለም ይኹን ናይ ከባቢና ዞባ ምብራቕ ኣፍሪካ ናይ ሓይሊታት ኣሰላልፋ ፈሊጥናን ብገንኡ ኣሚትናን ስትራተጂካሊ ክንመርሕ እንተዘይ ክኢልና ኣብዚ ሐዚ ዘለናዮ ዓለም ከም ህዝቢ ናይ ምቕፃል ዕድልና ኣተሓሳሳቢ እዩ ክኸውን። ኣብቲ ኣቲናዮ ዘለና ኩናት ስዒርና ክንወፅእ እውን እዚ ናይ ሓይሊታት ኣሰላለፋ እንተዘይ ፈሊጥና ፀላኢናን ፈታዊናን ንምፍላጥ ስለ ንፅገም ሃዲድና ስሒትና ናይ ምውዳቕ ዕድልና ዝለዓለ እዩ። ንኣብነት ኣብዚ ኩናት ብሓባር ዝተሰለፉ ሓይሊታት ኣለዉ። ብስሞም ንምጥቃስ እስራኤል፣ ኣሜሪካ፣ ሕቡራት ዓረብ ኢምሬት፣ ስዑድ ዓረብ፣ ሱዳንን ግብፅን እየን። ሱዳን ናይ ሩባ ኣባይ



Scanned by CamScanner

መልዓሊን መወድእን ናይ ኢትዮጵያ ክፋል ንምቁፅፃር ብተለኣኣኺነት እያ ትፍፅም ዘላ። እቲ ኣካይዳ ናይ ሱዳን ረብሓ እውን ዝጎድእ እዩ። ኣዕራብን ምዕራባውያንን ነዚ ንምግባር እዩ ንኣልበሽር ዕልዋ መንግስቲ ብምግባር ተላኣኣኺኦም ተኺሎም። ቅድም ኢልና ከም ዝገለፅናዮ እቲ ምንቅስቓስ ንሱዳን ንባዕላ እውን ከፋፊሉ ዘጥፍኣ እዩ። ኣብይ ኩሉ ነገር ሸይጥሎም እዩ። ኣንፃሩ ዘቐንዕዎ ኩናት የለን። እቲ ሐዚ ብዛዕባ ግድብ ህዳሴ ዝሰርሕዎ ዘለዉ ድራማ ንትግራይን ህወሓትን ኣዕሺኻ ናብ ዘይኮነ ሰልፊ ኣእቲኻ ንምውቃዕን ንምጥፋእን እዩ። ካሊእ ድማ ንኣብይ ንሃገር ይቖርቆር እዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንኽሕዝን ብሃገር ደረጃ ንዝህሉ ተቓውሞ በቲ ድራማ ኣንፈቱ ቀይሩ እቲ ተላኣኣኺ ናብቲ ናይ ትግራዋይ ኩናት ጥራሕ ሓይሉ ንኸዕርፍ ዝግበር ዘሎ ሸርሒ እዩ። ሩባ ኣባይ ምስተቆፃፀሩ ቀፂሎም ናብ ተከዘ እዮም ከቕንዑ። ኣብቲ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝነበሩ ሃገራት ሱዳንን ግብፅን ቅዋም የብሎምን ዝተዛረብዎ ምእማን ናብ ገደል ከም ምእታው እዩ ዝቑፀር። ምትእምማን ኣብ ህዝብናን መንእሰይናን ኣብ ባዕልናን ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ ሐዚ ዘሎ ናይ ዓለም ኣሰላልፋ ሸሊኹካ ንምውፃእ እቲ መንገዲ እንተፈሊጥናዮ ብጣዕሚ ቀሊል እዩ። ምስ ሩስያን ቻይናን ዲፕሎማስያዊ ረኸቢ ብህፁፅ ክንፈጥር ይግባእ።

ሐዚ ኣብ ቀልቀል መቓብር ኢና ዘለና ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ሞት ተፈሪድሉ ይርከብ። ፀላእትና ንዓና ንምቕባር ኩሉ ዓይነት ሸርሕታት ኣብ ምፍፃም ይርከቡ። ነዚ ሸርሕታት እዚ ንምፍሻል ብሙሉእ ዓቕምና ክንቃለስ ይግባእ። ሐዚ ዘድልየና ወታደራዊ ሓይሊን ናይ ቁጠባ ላእላውነትን እዩ። እዚ ድማ እቲ ሒዝናዮ ዝመፃና ስርዓት ንኽቕፅል ብምግባር እዩ ክረጋገፅ። ፀላእትና ድማ ነዚ ስርዓት እዚ ንምፍራስ እዮም ብሙሉእ ዓቕሞም ዝቃለሱ ዘለዉ። ምዕራባውያን ሐዚ እውን ንተላኣኣኺኦም ንምኹናን ኣይከኣሉን። እኳ ዳኣስ ቅዋሞም ዘየላጥን ግልፅን እዩ። ንመንግስቲ ኤርትራን ናይ ኣምሓራ ምልሻን ክኹንኑ ከለዉ ነቲ ናይ ኩሉ መንቀሊ ዝኾነ ተለኣኣኺኦም ከም ሕጋዊ መንግስቲ ናቱ መፈፀሚ ንዝኾነ ትካል ሰብኣዊ መሰል ኢትዮጵያ እውን ከም መሳርሕቶም ጌሮም እዮም ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ።

ንህዝቢ ትግራይ ዘርኢ ምፅናት በዒሕዎ ክብሉ ከለዉ ካሊእ ረብሐኦም መፈፀሚ ንምግባር እምበር ናይ ህዝቢ ትግራይ ተሓለቕቲ ኮይኖም ኣይኮኑን። ሩባ ኣባይ ህዳሴ ግድብን ብናይ ኣሜሪካ ጀነራል ኤለክትሪክ ካብ ዝውንን ነዊሕ ጌሩ እዩ። ስለዚ ግብፅን ሱዳንን ንብልፅግና ዝወግእሉ ምንም ምኽንያት የብሎምን። ኩሉ ዓቕሞም ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ብስነ ልቦና ንምፍልላይ ብቕልፅሙ እንተይኮነስ ኣብ ካሊእ ሓይሊ እምነት ንከሕድር ይንቀሳቐሱ ኣለዉ። ማህበረ ቅዱሳን ዝብሃል ሃይማኖት ሐዚ ካብ ህፃናት ጀሚሩ ክሳብ መናእሰይ ዋላ ኣብ ገጠራት ትግ[illegible]ይ ሃይማኖት ሽፋን ዘለዎ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ጥዕና ዘይብሉን ህዝቢ ትግራይ ፀገማቱ ዝፍታሕ ብቓልሲ እንተይኮነስ ብኻሊእ መለኮታዊ ሓይሊ ብፀሎት ጥራሕ እዩ ዝብል ኣስተምህሮ ይህብ። እዚ ኣካይዳ ኣዝዩ ሓደገኛን እንተዘይተቓሊስናዮ ብሓፂር ኮነ ብነዊሕ ከውድቐና ዝኽእል እዩ።

ናይ ፖለቲካ ስራሕትና ኣዝዩ ዝደኸመን ነቲ ኩነታት ዘይምጥንን መንእሰይና እውን ንሕና ብዘልዓዓልናዮ እንተይኮነስ ብናይ ፀላኢ ግፍዒ እዩ ናብ ታዕሊም ዝተምም ዘሎ። ኣብ ህዝብናን



Scanned by CamScanner

ሰራዊትናን ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስራሕ ምስራሕ ንፅባሕ ዝብሃል ኣይኮነን። ፀላእትና ናይ ቁጠባ ረብሐኦም ንምሕላው ናይ ሞትን ሕየትን ቃልሲ የካይዱ ኣለዉ። ብተላኣኣኽቶም ዝኸፈትዎ ኲናት ምስኻዕ ምስ ኣበዮም ብተላኣኣኽቶም ኢንጅኦታት ኣቢሎም እታ ዘርኢ ናይ ምንፃት ኣጀንድኦም ብባዮሎጂካል ውግእ ንምፍፃም ኣብ ምርብራብ ይርከቡ። እዚ ማሓውርናን ካድረናን ብዘይርድኦ መንገዲ ዘካይድዎ ኮይኑ ንምቅላስ እውን ፈታኒ ኮይኑ ይርከብ። ንሕና እውን ህልውናና ንምርግጋፅ እንገብሮ ኲናት ናይ ሞትን ሕየትን ኮይኑ እዚ እውን ቃታ ብምስሓብ ጥራሕ ከም ዘይኮነ ፈሊጥና ፀላእትና ዝመፅሉ መንገድታት ኩሉ ብምዕፃው ካብ ማንም እዋን ብላዕሊ ተዓፃፂፉይ ቃልሲ ይሓተና። ፀላእትና እዚ ኲናት እታ ናይ ዘርኢ እዋን ከሳብ ትሓልፍ ሰራዊትና ኣብ ትግራይ ከፀንሕ ይደልዩ እዮም። ምኽንያቱ እታ ናይ ሐዚ ክረምቲ ገባርና እንተዘይ ዘሪኡ ንዓና ንምጥፋእ ጥይትን ወታደርን ኣየድልዮምን። ስለዚ ፀላእትና እታ ኲናት ከይንሕፃራ እሞ ናብ ስራሕና ከይንኣቱ ብሙሉእ ዓቕሞም ኣብ ምርብራብ ይርከቡ። ንሕና ድማ ኩሉ ዓቕምና ትቲ ኲናት ንምሕፃር እንተዘይ ኣውዒልናዮ ናይ ፀላእትና ዕላማ ተሳኺዑ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሓደጋ ይወድቕ ኣሎ ማለት እዩ።

ካሊእ ፀላእቲ ኣብ ኣሜሪካ ዘምሃርዎም ተጋደልቲ ነበር ይኹኑ ብኣታሼነት ኣብ ኣሜሪካ ዘገልገሉ ብዝኾነ ይኹን ትኣምር ናይ ስርዓትና ተጣበቕቲ ክኾኑ ኣይኽእሉን። እኳ ዳኣስ ናቶም መገልገልቲ እዮም ክኾኑ ዝግደዱ። ኒዮ ኮርቲካል ውግእ ብዝብሃል ዓይነት ኣእሙሮኦም ክቕየር ብምግባር ናታቶም መገልገልቲ ንክኾኑ ዝቃነይሉ መንገዲ እዩ። ስለዚ ኣብ ምውሳን ክሳተፉ (ወሰንቲ) ክኾኑ እንተጌርናዮም ምስ ድሕንነትና ንዋገ ምህላውና ክንፈልጥ ይግባእ።

እቲ ብሃገር ደረጃ ዘሎ ተላኣኣኺኦም ክንድምስስሎም ኣይጋደልዩን። ብዝኾነ ይኹን ምንገዲ ከትርፉና ክምኩሩ እዮም። እቲ ውግእ ብተላኣኣኽቶም ከምዘይስዕርዎ ምስ ፈለጡ እውን ሻዕብያን ናይ ኣምሓራ ምልሻን ይውፅኡ ካብ ዝብልሉ ሓደ ምኽንያት ኣውዒናዮም ስለ ዝኾንና ካብ ክልቲኦ ደምበራት (ናይ ኤርትራን ኣምሓራን) ወስ ከይትበሉ ንምባልን ኣድላይ እንተኾይኑ ... ምኽንያት ፈጢሮም ኣሜሪካ ወይ ኔቶ ጣልቃ ዝኣትውሉ ኩነታት ንምፍጣር ክንቀሳቐሱ እዮ... ብ ዩኤስ ኤይድ ኣቢሎም ሳሪን ጋዝ ኣብ ልዕሊ ዝዋስኡና ህዝቢ ኣምሓራ ወይ ኤርትራ ባዕሎም ወይ ብተላኣኣኽቶም ቶኺሶም ህወሓት ገይርዋ ብምባል ንህወሓት ... ... ብምልጣፍ ኣሜሪካ ቀጥታ ናብቲ ኲናት ትኣትወሉ መንገዲ ንምፍጣር ክትጥቀመሉ ትኽእል እያ።

ነዚ ኩሉ መፍትሒ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ዝሓለወ ንዕላማ ዝነብር ነዚ ... ህይወቱ ዝግብር ህዝብን ሰራዊትን ብምህናፅ ሽርሕታት ፀላኢ ብምምካት እቲ ኲናት ... ትግራይ ዓለም ለኸ ዓውደ ኲናት ካብ ምኳን ብምድሓን ምስ ምብራቕ ... ... ነረጋግፅ።



Scanned by CamScanner